# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 29 ዓመት ቁ. 162 | ሰንበት 8 መጋቢት 2020 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 2
ንዕሹዶ ንህሉ



ገጽ 3
ካብ ጸለውቲ ሰባት



ገጽ 4
ዛንታ' ታ ጽንብላሊዕ



ገጽ 7
10 ዝነውሑ ናይ . . .



ገጽ 8
"ንኻልኦት ምሕጋዝ ጥዑና ይህብ" ተመራመርቲ




# ኣብ ህልው ኩነታትን መጻኢ መደባትን ዘተኩረ ሰሚናራት ይቕጽል ኣሎ

ብ5 መጋቢት ዝተጀመረ ኣብ ህልው ኩነታት ሃገርናን ምዕባሌታት ከባቢናን ከምኡ'ውን ኣብ ዕድላት፡ ብድሆታትን መደባት ስራሕ 2020 ኪጽዮኡን ዘተኮረ እዋናዊ ሰሚናራት ላዕለዎት ሓለፍቲ ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን ብ6ን 7ን መጋቢት ኣብ ከተማታት ከረን መንደፈራን ዓሰብን ቀጺሉ።

ጸሓፊ ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን ኣቶ ኣልኣሚን መሓመድ-ሰዒድ ኣብ ከረን፡ ወከል ሃገራዊ ድሕነት ብርጋዴር ጀነራል ኣብርሃ ካሳ ኣብ መንደፈራ፡ ሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣቶ የማነ ገብረኣብ ድማ ኣብ ዓሰብ ንላዕለዎት ሓለፍቲ ትካላት መንግስቲ፡ ግንባርን ኣዘዝቲ ሰራዊትን ኣብ ዘካየድዎ ሰሚናራት፡ ኣብ ዝሓለፈ ኣሰርተ ሓደ ዘበን ዝተሓልፉ ብድሆታትን ዝተቐስሙ ተመኩሮታትን ብዝርዝር ድሕሪ ምቕራብ፡ ንቕሓት፡ ውዳበ፡ ሓድነት፡ ስነ-ስርዓት፡ ተበግሶን ምዕባይ ኣብርክቶን እቶም ቀንዲ መሰረት ሃገራዊ ሓይልና ስለዝኾኑ፡ ቀጻሊ ምሕላውን ምሕያሎምን ወሲኺ ምዃኑ ኣስሚሮምሉ።

"ሰላምናን ስኒትናን ከም ውህብ ወሰድና፡ ምሕላውን ዕሽሽ ክንብሎ ኣይግባእን" ዝበሉ'ቶም ኣካየድቲ ሰሚናር፡ ቀጻሊ ክንናብዮ፡ ማዕረ ማዕሩ ድማ ትሕተ-ቅርጺ ሃገራዊ ኣተሓሳስባታት ብቐጻሊ ክንምክሮ ከምዘለና ድሕሪ ምብራህ፡ ቀንዲ ጸጋታት ሃገርና ሰብዊ ዓቕምና ከምዝኾነ፡ እዚ ጸጋዚ ድኣ ትኩርን ድኽመታትን'ኳ እንተለዎ፡ ብመንጽር ካልኦት ብምዝማድን ምስ ዘለና ብድሆታትን መደባትን ክርአ ከሎ ግን ብልጫና ሓያል ከምዝኾነ ኣብሪሆም።

ንትሕተ-ቅርጺ፡ ምፍራይን ኣፍራይነትን ብዝምልከት ኣብ ዝሃብዎ ሰፊሕ መብርሂ፡ ምምሕያሽ ትሕተ-ቅርጽን ቀረብን ኣገልግሎት ማይ ኣብ ከተማን ገጠርን ኣውራ ድማ ኣብ'ቲ ምሕደግ ዝበለ ከባቢታት እቲ ዝዋሃቦ ቀዳምነት ተዋሂብዎ ሓያል ምርብራብ ክግበረሉ ምዃኑ፡ ስእነት ዝስተ ጽሩይ ማይ ዝጸንሐን ዓድታት ብቐዕ ቀረብ ንክረኽባ ደረጃ ብደረጃ ይትግበር ከምዘሎ፡ ቀረብ ማይ ኣስመራን ካልኦት ከተማታትን ንምምሕያሽ ዝተጀመረ ከቢድን ብዙሕ ወጻኢታት ዝሓትትን መደብ ድማ ተጠናኺሩ ክቕጽል ምዃኑ ገሊጾም።

ኣብ ቀረብ ጸዓት'ውን ብዐቕሩብ ናብ ዝተኣማምን ደረጃ ንምብጻሕ ተሓንጺጹ ብዘሎ ውጥን ኣብ ኣስመራ፡ ዓሰብን ባጽዕን ተወሳኺ 60 ሜጋ-ዋት ጸሓያዊ-ጸዓት ንምትካል ዘድሊ ምቅርራብ ተጀሚሩ ከምዘሎ፡ ቀረብ ጸዓትን መብራህትን ንምዕባይ ድማ ዓበይትን ንኣሽቱን ጀነሬተራት ክትክሉ ምዃኖን ድሕሪ ምብራህ፡ ንመንበሪ ኣባይቲ ብዝምልከት፡ 2020 ናይ መበገሲ ዓመት ኩይና፡ ከይተወድአ ዝጸንሐ ኣባይቲ ክዛዘም፡ ሓደሰቲ ምስራሕ ድማ ክጅመር ምዃኑ ሓቢሮም።

ልዑል ትጽቢትን ዘሎ ጋግ ምኳኑ ብምጥቃስ፡ ካብ'ዚ ዘለናዮ ደረጃ ናብ'ቲ ሃንቀው እንብሎ ክንበጽሖ፡ ግዜን ከቢድ ስራሕን ዓቕምን ከምዝሓትት ኣገንዚቦም።

ኣብ መወዳእታ ተሳተፍቲ፡ ብመንግስቲ ዝጅመሩ'ሞ ኣብ ምዝዛም ዝደናገዩ ፕሮጀክታት ህንጻ ዳግመ-ዓቕሚ መንእሰያት ጸቒጥካ ክሰርሕ፡ ብሰንኪ ሕጽረት መሳርሒታትን መሳለጥያታትን ዝተዓናቐፍ ዘሎ ስራሕ ኣብ እዋኑ ንምዝዛም ናይ ዕድጊ መስርሕ ምምሕያሽ ክግበረሉ፡ ዋሕዚ ዘይሕጋዊ ሰደት ንምግታእ ዝካየድ ጻዕሪ ክሕየል፡ ኩነታት ተኻረጽም ኣብ መዓላ ዘይወዓሉ ኣባይቲ ብዮሐኡ



ስ/ተኪኤ ዮሴፍ





ወሸጣውን ግዳማውን ብድሆታት ከምዘለዉ ዝጠቐሱ'ቶም ሰብመዚ፡ ኩነታት መሳብርዮ ዘጠቕሶ ጉዳያት'ኳ እንተለዉ፡ እቲ ዝዓበየ ግዜያዊ ወሽጣዊ ብድሆ ግና ኣብ መንነ ከውንትናን ግምት ክወሃበሉም፡ ኣንጻር ሃገርን ሃገራዊ ረብሓን ብማሕበራዊ መራኸቢታት ንዝዝርሕ ዘይጭብጥ ሓበሬታ ግብረ-መልሲ ዝሁብ ብቑዕ ቴክኖሎጂ ዝዓጠቐ ኣካል ክቐውም፡ ኣብ ምምዕባል ክጸናዕን ኑቲ ዘሎ ጸገም ኣብ ምፍታሕ እጃም ከምዝህልዎም ክግበርን መስርሕ ፍቓድ እታው ምምሕያሻት ክግበረሉ ዝብልን ካልእን ሕቶታትን ርእይቶታትን ኣቕሪቦም።

# ደቡብ - ኣብ ብቕዓት ትምህርትን ተመሃሮን መጽናዕቲ ክካየድ እዩ

ኣብ ብቕዓት ተመሃሮ ዓይነታዊ ምምሕያሽ ክመጽእ፡ ጻዕሪ መማህራንን ምክትታል ወለድን ክሕይል፡ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ደቡብ ብ2ን 3ን መጋቢት ኣብ መንደፈራ ኣብ ዘካየዶ ገምጋም ጸዊዑ።

ሓላፊ'ቲ ጨንፈር መምህር ህብትዝጊ ኪዳነ ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ ካብ ልዕሊ 200 ሽሕ ተመሃሮ እቶም 82.3 ሚእታዊት ከምዝሓለፉን፡ 4.9 ሚእታዊት ብዝተፈላለየ ምኽንያት ከምዝቋረጹን ብምሕባር፡ ኣብ ምምሕያሽ ብቕዓት ተመሃሮ ዝያዳ ጻዕሪ ክግበር ኣዘኻኺሩ።

ምስ ዝሓለፈ ዓመተ-ትምህርቲ ብምንጽጻር፡ መጠን ምሕላፍ ተመሃሮ ምውሳኹ፡ መጠን ምቁራጽን ምትራፍን ድማ ምንካዩ ዘተባብዕ እኳ እንተኾነ፡ ንዝበለጸ ውጽኢት ዝያዳ ጻዕሪ ክካየድ ጸዊዑ።

ተሳተፍቲ፡ ዋሕድን ብቕዓትን መማህራን ፍታሕ ክርከበሉ፡ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ንምምሕያሽ ብብግዚኡ ዝካየድ ጻዕሪታትን ውጽኢቱን ክግምገም፡ ኣብ ትምህርቲ ዘተኩረ ጉስጓሳት ክድንፍዕ ዝብሉን ካልኦትን ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብን ምርምርን ኣቶ ጴጥሮስ ሃይለማርያም፡ ዝርኣዩ ድኻማትን ጉድለታትን ብመጽናዕቲ ዝተደገፈ መሰረታዊ ፍታሕ ክረኽቡ፡ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ምስ ዝምልከቶም መሻርኽቲ ብምትሕብባር ክሰርሕ ምዃኑ ገሊጹ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ኣቶ ሃብተኣብ ተስፋጼን፡ ምምሕዳር ዞባ ጠንቂ ትሑት ብቕዓት ተመሃሮ ተለልዩ ንምፍዋሱ መጽናዕቲ ክገብር ተበጊሱ ከምዘሎ ብምሕባር፡ መማህራን ኣብ'ቲ ዝግበር መጽናዕቲ ክተሓባበሩ ተላብዩ።





ስ/ፊሊሞን ተካቦ




ሱራፌል ተስፋብሩኽ

08፡ 30 ቅ.ቀ.

12 መስከረም 2012


*****************

"ኣብዛ እንነብረላ ዓለም ንደቂሰብ ሓደ ብሉጽ ህያብ ካብ ፈጣሪ ተዋሂቡና። ኰይኑ ግን ነቲ ዝተዋህበና መዳርግቲ ኣልቦ ዝኾነ ብሉጽ ህያብ ከምቲ ዝግባእ ክንጥቀመሉ ኣይከኣልናን። ኣብ ናይ ገዛእርእሲና ረብሓ እናጠምዘዝና፡ ባዕልና ኣብ ሓሸውየ ንጸመድ። ነቲ ከም ህያብ እተዋህበና ፍቕሪ ነሳቕዮ ኣለና፡" ክብሃል ሰሞዐ ድየ ዋላስ ኣንቢበ። ኣብ ሓሳበይ ምስ መጽኣትኒ ኸኣ ከም ሓቂ ወሰድኩዎ።

ኣንቲ ዳየሪይርይ፡ ጉዕዞ ፍቕሪና ጉርቢ ዝበዝሖ ኰይኑ ክቕጽል ጸኒሑ። ኣብ ህይወተይ ተመንየ ዝሰኣንኩዎ፡ ብሂገ ዘይረኸብኩዎ፡ ናፊቐ ዘይዓገብኩሉ፡ ጽዒረ ዘይከሰብኩሉ፡ ዝዓበየ ክሳራይ ዝብሎ እንተ'ሎ ፍቕራዊ ህይወተይ'ዩ። ልበይ ብፍቕሪ ዘቕቢባ ምሉእ ሓሳበይ ምስኣ እናሃለወ፣ ንልበይ ገኒሐ፡ ንውሽጠይ ኣባቢደ፡ ንስምዒታተይ እና'ቃባጠርኩ ለውጢ ክፈጥር ኣብ ውሳነ በጺሐ ኣለኹ። ንሳ ኣብ ጉዕዞኣ ዕንቅፋት ከይገጥማ፡ ኣብ ምንባር ሰገጥ ከይትብል ምእንታን ብስም'ቲ እተሰብረ ልበይ ይምርቓ። ትምኒታ ከም ጩራ ጸሓይ ወጋሕታ ይኾነላ።

ብልቢ ኣፍቂረ ግን ከኣ ክንወሃሃድ ዓቐብ ኰይኑ። ነዚ ዓቐብ ናይ ክልተና ሓይሊ ጥራይ ከም ዘሓኾሮ እኣምን። እንተ'ኾነ ኣሳጉማና በበይኑ ኰይኑ። ብሓደ ክንነብር ዝነበረ ሕልመይ ከም ኣብ ንፋስ እተዘርወ ሓርጭ ኰይኑ ተሪፉ። ኣብ ልበይ እተሰነደ ከቢድ በሰላ ድማ ኣንጺፉ ኣሎ። ኣብ ልበይ እተወኽረ ምስሊ ከም ዘይምለስ እዛ ፈቃር ልበይ ትምስክር ኣላ። ንልበይ ክምስክረላ'ውን ደስ እናበለኒ'ዩ። ድሌትን ክውንነት ነንበይኖም እዮም። ስለዚ ኸኣ ድሌተይን ባህገይን ክሰምረለይ ዘይከኣለ። ኣብ ክውንነት በጺሑ ምግጣም ኣብዩ። ነገራት ከም ዝደለኻዮም ዘይኰኑሉ ብዙሕ ግዜ ከም ዘሎ፡ ኣብ ጉዕዞ ህይወተይ ዘረጋገጽኩዎ ሓቒ'ዩ። እንተ'ኾነ ኣብ ፍቕሪ ግን ከምዚ ክገጥመኒ ሓሲበ ኣይፈልጥን። ኣብ ክውንነት ዝሃንጸ ዘለኹ መንደቕ ፍቕሪ ክፈረስን ክዓኑን ንባህግታተይ ክልክም ተዓዚበ። ንፋዕ ነዳቓይ ድየ ዘይኰንኩ ኰይነ ወይስ …?

# ንዕሹዶ ንህሉ



ሓይሊ ፍቕሪ ንወለላ ምስ ተላለኹ'የ ንመጀመርታ እዋን ኣሚነሉ። ከም ዘፍቕራ ዝያዳ ዘረጋገጽኩሉ እዋን ኣብ ሸግር እንከለኹ'ዩ። ብሓደ ጉዳይ ተወሺበ - ነዛ ንብሰይ ከመይ ከም ዘላ ዘይፈልጠሉ - ብዝኽሪ ሓሳብ ናብኣ እጓዓዝ ነይረ። ልዕሊ እቲ ሸግር፡ ፍቕሪ ክነግስ ርእየ። ኣብቲ ሕማቕ ጽቡቕ ኣሎ ከም ዝብሃል'ዩ ነገሩ። ኣብኡ እንከሎኹ ኸኣ ክልተ ገጽ ናይ ህይወታ ክሰምዕ ክኢለ። ኣእዛነይ ካብዝን ካብትን ብዛዕባኣ እናሰመዓ ንሰኸም ፍቕረይ መሊሰን ጽዕነት ወሲኸናሉ። ብተደጋጋሚ ከም ዘዕለልኩኺ እዝነይ ዘይሰማዕቶ የለን ክብለኪ እደፍር። እናሓንሳእ ምስ ሰይጣንን ጓል ሕድርትናን ዘወዳድሩዋ'ውን ኣይተሰኣኑን። ገለ ድማ ኣፎም መሊኦም "ስርኤል ለይቲ'ያ፡" ይበሉኒ ነይሮም። ገለ ኸኣ ንኢዶም ዘይጸግቡዋ ምንባሮም'ዩ ዝገርመኒ። "ወለላ ደኣ መልኣኽ እኳ'ያ፡" ዝበለኒ'ውን ነይሩ። ከድንቑዋ ምስ ተዓዘብኩ ኣዝየ ተገሪመ። ሽዑ ነገራት ይተሓዋወሰኒ ነይሩ። እቲ ምንታይ እቲ ወረ እተፈላለየ፡ እሞ ኸኣ እተጋነነ ክልተ ጫፍ ስለ ዝነበረ፣ ኣብ ኣእምሮይ እተዋጃበረ ምስሊ ፈጢሩ። ልበይ ግን ብኣዒንተይ እምበር ብእዝነይ ከይኣምን ምስ ሕልናይ ኰይና ምዒዳ። ንኹሉ ወረ ከም ወረ ጸብጺበ ንኽረኽባ ጥራይ ተሃንጢየ። ህንጡይነተይ ግን ብግዜ ንግዜ እናተከአ ኣብ ናፍቖት ደርቢዩኒ። ድሕሪ ዓመታት ብተለፎን ድምጻ ሰማዕኩ። ሽዑ እተሰማዓኒ እዚ ክብለኪ ኣይክእልን። ኣብታ ንመጀመርታ እተራኸብናሉ ምሸት ኣብ ዝኽረይ ፍሉይ ጣዕሚ ፈጢራ'ያ።

ክብርቲ ዳየሪየይ፡ ዓቐን ፍቕሪ ዝሰፈር እንተ ዝኸውን ምናልባት ናተይ ባሕሪ ወይ ውቅያኖስ ምስ መለአ። ንስለ ቃል ኣብ ወረቐት ክጽሕፎ ኢለ ኣይኰንኩን። ኣብ ልበይ ዘሎ ሓቀኛ ስምዒት'ዩ። ንዓኣ ካብ ዘፍቅር፡ ክጠልማ ዝሓሰብኩላ ደቒቕ የብለይን። ሕልሚ ነብሰይ! ማዕቀነይ ረኺበ ኢለ ኣሚነ፡ ንኹሉ ግዜ ምሳኣ ክህሉ ሓሳበይ'ዩ። ግን ትምኒተይን ሓሳበይን ማይ ሓቚነ ኰይኑ። ደወላት ልበይ ስማ እናቃጨለ እንከሎ'የ ጻውዒት ዝገብር ዘለኹ። ዓቕመይን ዓቕለይን ይጠልሙኒ ኣለው። ሕልመይ ምሳኣ እናደመቐ፡ ልበይ ዝበልዓቶ ፍቕሪ ገዲፋ ናብ ናይ ሕውነት ጃልባ ክትሰፍር ትደሊ ኣላ። ሓያል ፍቕረይ ናብ ሓያልን ዘይንቕነቕን ሕውነት ክቕይሮ እብል ኣለኹ። እንታይ ከም ተወሰንኒ ናባኺ እገድፎ! ክህልወልኪ'የ ክብል ኣኽእልኒ…!

ኣብ ሕማቕ ይኹን ጽቡቕ ወትሩ እሙን ሓው ንምኳን ኣብዛ ደቒቕ እዚኣ ብስም እቲ እተሰበረ ልበይ ደጊመ ቃል ይኣትወልኪ። ኣብ ዝኾነ እዋን ካብ ጉድና ዘይፍለ ናይ ቃንዛን ሓጉስን ሓው ክኾነላ'የ። እሙን ኣፍቃሪ ክኸውን ዝነበረ ሕልሚ ብምብርዓኑ ቁር ዝብለኒ'ኳ እንተ ኾነ፡ እሙን ሓው ክኸውን ብምሉእ ልቢ እንተ ትፈቕደለይ!? ከም ዓቢ ጸጋ'የ ዝሓስቦ! ዋላ ንፈላለ ንፋቐር ኢና። ተረጋጊጽና ክንሓልፍ ኣይደልን'የ። ኣስማት ሓድሕድና ብሕማቕ ክንለዓዓል ፈጺመ ኣይደልዮን። ንጸዋግ ምፍልላይ ብሓያል ሕውነት ክሰዕሮ ጥራይ'የ ዝደሊ። ምናልባት፡ ስለምንታይ ናብዚ ውሳነ'ዚ በጺሐ ሃንደበት ይኾነኪ ይኸውን። "ንስጠም ርክብና ነሐይሎ… ንተኣማመን… ብግሉጽነት ንተሓጸብ… ሽፊንና ንዘሎ ጉርቢ ፍቕሪ ነለልዮ…፡" ዝብሉ ቃላት ወትሩ'የ ናብ ኣእዛና ዝልእኮም ነይረ። ኰይኑ ግን እንተስ ሓሚቐ ምኽኣል ስኢነዮ፡ ምምላኽ ኣብዩኒ፣ ወይስ ዕድለይ ዘይበልጸገ ኰይኑ፡ ወይ ድማ ልበይ ንልባ ብፍቕሪ ዘይረተየ ኰይኑ፡ ውህደት ክልተና ኣይሰመረን። መን'ዩ ተሓማዩ? ክልተና! ዘይምስማር ልቢታትና ንመጻኢ ጉዕዞ ፍቕሪና በዲሉዎ። "ዝዓኾኽ ፍቕሪ ካብ ኢደይ ሞሊቑኒ፡" ዲዩ ዝበለ ኣብራሃም። በዚ ኰይኑ በቲ መዘከርታ ፍቕሪና ክትኩነና ምእንታን ነዛ ናይ ኣብርሃም ደርፊ ካብ ኣእምሮኣ ከይትረስዓ ክምሕጸና'የ።

"…ምኽኣል ዲና ስኢንናዮ

ወይስ ዕድልና'ዩ ዘይጠለለ

ካዕቦ ፍቕሪ ስኒት ካብ ዘየለ

ጸላኢና እናፍቀረ ይፈላለ

እዚ ኹሉ ብሂግናዮ …

ሓደ ኣካል ምኳን ካብ ሰኣንና

ክልተ ምኳን ግዲ'ዩ ትዕድልቲና

በበይንናስ ኣኽእሎ ይሃበና…"

ኣብ ምሉእ ትሕዝቶ እታ ደርፊ ምሉእ ዛንታ ፍቕሪና ኣሎ። ደጊመ ደጋጊመ ክነግረኪ ኣይተባደልናን፣ ኮኾብና ኣይተጋጠመን መስለኒ። ምስጢርና ዘነጋግር እምነት ኣይሃነጽናን። እምነት ንምህናጽ ዓቕሊን ዓቕሚን ውሒዱኒ።

እዚ ኣብዚ ቅነ ዝውለድ ዘሎ ምኽንያታት ትርጉሙ ምርዳእ ኣብዩኒ። ዋላ ክርድኦ ኣይከኣልኩን። ኵሉ ነገር ኣብዛ ዓለም ብዘይ ምኽኒት ዝፍጠር የለን። ገለኡ ንሰናይ፡ ገለኡ'ውን ንግናይ። "ካብ ንዓኣ ዝኸፍኣ ንዓይ ክኸፍኣኒ ይሕሸኒ፡ " ኣብ መዋጥር እንከለኻ ዝረኣዩኻ ውሳነታት ኣይእመኑን'ዮም። ሃዲእካ እትውሰኖም ይሕሹ። ኣነ ኸኣ መፈጸምታና ብጽቡቕ ክርእዮ እደሊ ኣለኹ። ምውቕ ሰላምታ ንለጋገሰሉ ሕውነት ክህልወና ኢለ ፍልይቲ መዓልቲ ክፈጥር'የ። ጽቡቕ ከም ዘይስመዓ ይፍለጠኒ ኣሎ። ግን ንኽውሰን ንልበይ ንምእማን ሓያል ጻዕሪ'የ ኣካይደ። ከም ለይላ ዘፍቅራ ክረክብን ክስእንን ርግጸኛ ኣይኰንኩን። ፍቕሪ ሓንሳብ'ዩ ዝኽስተልካ። ሓቀኛ ፍቕሪ ማለተይ'ዩ። እዚ ጻውዒተይ ንቕሳነትን መገዲ ንጽባሕን'ዩ እሞ ናይ ውሽጢና ጋዕገልጠም ንጽረግ። ዳየሪየይ ጥዑማት ስምዒታት ፍቕሪ እንተ ዘይሃልዮሙና፡ ንዕሹ ከይንህሉ ፈሪሐ።

ዘልኣለማዊ

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም
ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ኤርምያስ ገብረልዑል
ሺሃብ ኣርኣያ
ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጿ. 247

ለይ-ኣውት
ሳምራዊት መለስ
ትንሱእ ፍስሃየ
ሰማያዊት ሓይለኣብ
ቤተልሄም ታደሰ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ. 200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጿ. 1284

# ይናፍቐኪ ኣለኹ…!

11፡30 ድ.ቀ. 16 ጥቅምቲ 2012

ምንፋቕ ከም ዝመሃር ትገብርኒ ኣለኺ። ምእንቲ'ዚ እንተ ኣመስገንኩኺ ግቡኣይ እዩ። ንቐረብቲኻ ምምስጋን'ኳ ነውሪ ኰይኑ'ዩ ዝስመዓኒ። ግን ደለ ይኹን። ንስራሕ፡ ናብራ ዝመርሓሉ ፍልጠት ኣብ ኮለጅን ካብኡ ምስ ወጻእኩን ዝዓቐመይ ተማሂረ። እቶም ዝደልዮም ዝነበርኩ ነገራት ምስ ትምህርቲን ስራሕን ዝተኣሳሰሩ'ዮም። ዝበዝሑ ኸኣ ኣብኡ ይረኽቦም ነይረ። ከም ሰብ ዘሎዉኒ ስምዒታትን ተፈጥሮኣዊ ድፍኢታትን ግን ኣብኡ ክረኽቦም ሓሲበ ኣይፈልጥን። ከም ፍቓድ ፈጣሪ ኵሉ መስርዑ ሒዙ ስለ ዝመጽአ ኣይተፈለጠንን፣ ኣይተገረምኩሉን'ውን። ኣጀማምራይ ነቲ ምዕራፈይ የርእየኒ ስለ ዝነበረ ኣይተሻቐልኩሉን። እንተ እዚ ትምህርቲ ዘለኺ "ናፍቖት" ግን ምዕራፉ ከም ብርሃን ቀትሪ ደሚቑ ክረኣየኒ እምነ።

ኣብ መዓልታዊ ጉዕዞይ… ናይ ዘወትር ጸሎተይ… ኣብ ዕረፍቲ ወከፍ ዋሃዮይ… ናፍቖትኪ ከም ቅናት ከቢቡኒ ኣሎ። እዚ ኣብ ክልተና ክህሉ ዝምነዮ ስምዒት፡ ውሽጠይ ኣርሲኑ ኣዕሚቑ ከተንፍስ ደሪኹኒ። ብእኡ እናሓሰብኩ ንሰማይ ኣንቃዕሪርኩ። ሰማይ ከኣ ኣፉ ከፊቱ ክምስ ይብለኒ። ጸሎተይ ክሰምዕ እንከሎ'ሞ ክስሕቕ ይደሊ። ስሓቑ ኣይስማዕን፣ እተን ኣብ ክልተ ማዓጉርቱ ዘለዋ ጥንባቑ ግን ደሚቐን ይረኣያኒ። ኑዛዜ ስምዒተይ ተራእዩዎዶ ይስሕቕ ይህሉ? ዋላስ ማይ ይዓሙኽ ከም ዘለኹ ይፈልጥ ኣሎ? ከምኡስ ኣይውዕሎን። ባህገይ ኣብ ክልተና ይርእዮ ብምህላው'ዩ ዝኸውን። ፍሽኽታኡ ካብዚ ሓሊፈ ብብዙሕ ዓይኒ ክትርጉሞ ፈቲነ። ኵሉ ግን ኣብ መወዳእታኡ ብሕቶ እናተዛዘመ። ብዓቢኡ ንህይወተይ ብሓጉስን ፍሽኽታን ክርእያን ክመልኣን ይጽውዓኒ ምህላው ዝተፈለጠኒ ኰይኑ ተሰምዓኒ። ናፍቖትኪ ልበይ እና'ንደዳ እንከሎ ፍሽኽ ኢለ ዓጸፌታ መሊሰሉ። ብገዛእ ፍሽኽታይ ተሰፉይ መሊኣ። ልክዕ ከም ናቱ ኣብ ማዓጉርተይ ጥንባቑ ክፈጥር ኣይከኣልኩን። ንዓኺ ግዳ ይከኣለኪ'ዩ። እቲ ንስኺ'ኳ ትኾኒ? ሰማይ ናፍቖተይ ከብዱ በሊዑዎ፡ ከም መስትያት ኰይኑ የረኣእየና ይህሉ!!

ኣቲ ብርሃን ዓይነይ! ዕምባባ ዓይነይ'ወ! ይናፍቐኪ ኣለኹ። ኣብቲ ቅልልን ምቕልልን ዝበለ ዝምነዮ ጉዕዞ ህይወተይ፡ ኵሉ ከማልኦ ኣይክእልን ይኸውን። ናብ ምልኣተይ ዘብጽሑኒ ዕድላት እንተ ረኺበ ግን ዓይነይ ከይሓሰኹ ከረው ኣቢለ ክሕዞም'የ ዝጉዩ። ንስኺ ኸኣ ሓንቲ ካብዞም ዕድላተይ ኢኺ። ከም ሓደ ግዛዕ፡ ሸኹኽካ ትወስዶ እንደሞ ዘይኩነ ኰይኑ። ከም ጽምብላሊዕ ኣብ ጉምቦ ኢደይ ባዕልኺ ብቕሳነት ክትዓልቢ፡ መንገገብኪ ከተርግፊ ብትዕግስቲ ክጸበ፡ ውሽጠይ ይምዕደኒ ኣሎ። ግን ኣይከኣልኩን። እናሻዕ ክርእየኪ፡ እናሻዕ ድምጺኺን ሰሓቕክን ክሰምዕ፡ እናሻዕ ክዝክረኪ እናፍቐኪ። ልበይ ደረተይ ሰንጢቓ ክትወጽእ ክሳብ እትደሊ ሕቍፎኺ ትብህን ኣላ።

እቲ እዋን ቀጻሊ ማዕረ-ማዕረ ኴንና እንኸዶ

ዘለኺ እናመሰለኒ ሰግር ማዕዶ

ስቕ ኢለ ይናፍቐኪ… ልበይ የንድዶ!!


እዚ ምንፋቕ ካብቶም ዓንኬል ምላኣተይ ዘቑሙ ቀመማት ሓደዶ ይኸውን? እንተ'ኾይኑ ኵሉ ሳዕ እንተ ናፈቕኩኺ እንታይ ኣለዎ? ከምቲ ንወጋሕታ ክትመጽእ ዝኽልክላ ሓይሊ ዘየለ። ንዓኺ ካብ ምንፋቕ ዓዲ ዘውዕለኒ ሓይሊ ኸኣ የለን። እናፍቐኪ ኣለኹ ምልኣት ልበይ! ዕምባባ ዓይነይ! ንስኺ ኸኣ ናፍቒ'ባ ምሳይ። ሕቝፎይ በሃጊ።

ምሉእ ተስፋይ

# ካ ብዝን ብትን

ሳልማን ስራጅ

## ምስጢራውያን ኮዳት



ምስጢራውያን ኮዳት መልእኽትታት ብስቱር ንኽትሓዙ ዝሕግዙ ኣገባባት እዮም። ኣብ እዋን ኩናት ደማ ወተሃደራዊ ሓበሬታ ንምትሕልላፍ የገልግሉ። ጥሕታት፡ ኩብያታትን ትካላት መንግስትን'ውን ብኮምፒዩተር ኣብ ዝዝቡዎ ምልውዋጥ ሓበሬታ፡ምስጢራውያንኮዳት ክጥቀሙ ይፍለጥ።

ወዲ ሰብ ምስጢራውያን ኮዳት ክጥቀም ካብ ዝጀምር ኣሽሓት ዓመታት'ዩ ኣቑጺሩ። ምስጢራውያን ኮዳት ክሰዕ ዝበለወ፡ ዝም ኮዳት ንምስባር (ንምጥሓስ) ዝግበር ኻልእ ፈተነ ከሀሉ ደማ ግድን'ዩ። ብፍላይ ኣብዚ ዘለናዮ ምዕቡል ዓለም ኣብ መንን ሓያላት ሃገራት ዝረአ ብመንገዲ ኢንተርነት ዝግበር ናይ ሓበሬታ ስርቂ (Hacking) ናይዚ ኣብነት'ዩ።

ብኮድ ዝጸሓፉ መልእኽትታት ናይ ምፍጣርን ምንባቦን ስነፍልጠት ክሪፕቶግራፊ ተባሂሉ'ዩ ዝጽዋዕ። ትርጉሙ ደማ ሕቡእ ኣጻሓሕፋ ማለት'ዩ። ብሓፈሻ ሰለስተ ዓይነት ሕቡኣት ኣጻሓሕፋ'የም ዘለው። ንሳቶም ከኣ ካብ ነፍስ ወከፍ ቃል ሓንቲ ፈደል ብምውሳድ ዝግበር ስቱር መልእኽቲ ናይ ምስዓድ ኣገባብ (Concealed)፡ ምልክታት(ቁጽርታት) ብምጥቃም ዝግበር ምስጥራዊ መልእኽቲ (Cipher) ከምኡ'ውን ንዘረት ካልእ ስም ብምሃብ ብኮዳት ዝግበር መልእኽቲ ናይ ምስዓድ ኣገባብ ኣየም። ሰለስቲኦም ከኣ ኮድ ተባሂሎም ይጽውዑ። እቲ ፈደላት ብምውሳድ ዝጸሓፍ ምስጥራዊ መልእኽቲ ግን ብቐሊሉ ክጡሓስ ዝኽእል'ዩ።

ኣብ 1939 - 1945 ኣብ ዝተኻየደ ካልኣይ ኩናት ዓለም - ብሪጣንያውያን ክኢላታት ቁጽሪ ናይ ጀርመን ወተሃደራዊ ኮድ ከምዝሰበሩዎ ይዝከር። ጀርመናውያን ኣብቲ እዋን ምስጢራዊ መልእኽታት ዘሕልፉላ ዝበሩ መሳርሒት (ስእሊ ተመልከት) 'Enigma Machine' ተባሂላ'ያ ትጽዋዕ። ብሪጣንያውን ግን ናብታ መሳርሒት ሰርሰርም ብምእታው ኩሉ ወታሃደራዊ መደባት ጀርመን ክፈልጡዎ ክኢሎም።

እቲ ቁጽርታት ብምጥቃም ዝግበር ስቱር መልእኽቲ (Cipher) ኣብዚ እዋን'ውን ብዘተወሳሰበ ኣገባብ ኣብ ኮምፒዩተራት የገልግል ምህላዉ ይፍለጥ። እዚ ብቐሊሉ ክስበር ዘይክእል'ኳ እንተኾነ ምስ ምዕባለ ቴክኖሎጂ ግን እዚ'ውን ኣብ ሓደጋ ኣትዩ ይርከብ። ብሓፈሻ ደማ ምስ ግዜ ዘይሰበር (ዘይጡሓስ) ኮድ ከምዘየለ ክኢላታት እቲ ዓውዲ ይገልጹ።

## ኣቓልቦ ኣለይቲ ንምርካብ ዓራቱ ዘቃጸለ ሕሙም

ኣብ ኣመሪካ ግዝኣት ፍሎሪዳ ሓደ ኣብ ሆስፒታል ዝደቀሰ ሕሙም ኣቓልቦ ኣላይት ሕሙማት ንምርካብ ዓራቱ ኣቃጺሉ። እቲ 75 ዝዕድመኡ ጆን ኪንግ ዝተባህለ ሽማግለ፡ ሰራሕተኛታት ናይቲ ሆስፒታል ግዲ ከምዘይገበሩሉ ብምጥቃሱ ነቲ ዓራት መወልዒ ሺጋራ ተጠቒሙ ከምዘቃጸሎ ንፖሊስ ተኣሚኑ።

ንሱ ነቲ ዓራት ኣቃጺሉ ካብቲ ሆስፒታል ብምፍዋሉ፡ ኣብቲ ክፍሊ ዝበረ መዳቕስቱ ነተን ኣለይቲ ብምሕባር'ዩ እቲ ሓዊ ክጠፍእ ክኢሉ። ብድሕሪዚ ጆን ካብቲ ሆስፒታል ወጺኡ ክሃድም'ዩ ተታሒዙ። እንተኾነ ጆን ዓራቱ ዘቃጸለ ኣቓልቦ ኣለይቲ ሕሙማት ንምርካብ ደኣ'ምበር ኣብ ልዕሊ ሕሙማት ይኹን ኣብ ልዕሊ'ቲ ሆስፒታል ጉድኣት ከውርድ ሓሳብ ከምዘይነበሮ ተዛሪቡ።

### መን እንታይ ኢሉ

ኣብ እዋን ቁጠዐ ዝረአ ሸለልትነት ብልሒ'ዩ ኣብ እዋን ጸገም ዝግበር ሸለልትነት ኒሕ'ዩ ኣብ እዋን በደል ዝረአ ሸለልትነት ልቦና'ዩ ኣብ እዋን ማዕዳ (ምኽሪ) ዝረአ ሸለልትነት ደማ ትዕቢት'ዩ። ስለዚ መዓስ ሸለል ከም እትብል ፍለጥ። (ጆርጅ ማክዶናልድ)

ወዲ ሰብ ብኽልተ ነገር'ዩ ዝመሃር፡ ብምንባብ ወይ ካብኦም ምስ ዝሓሹ ሰባት ብምትዕርራኽ። (ዊል ሮጀርስ)


ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ ዘለዎም ሰባት ቀሊል ፍታሕ እናሃለወ ጸገማት ስለዘፈጥሩ ካብኦም ረሓቕ። (ኣልበርት ኣንስታይን)

ነገራት ንምፍታን ትብዖት እንተዘይሃሊዩና ትርጉም ሂወት ደኣ እንታይ'ዩ። (ፊንሰንት ፋንኮኽ)

ኣብ ዓለም ብዘይመትከል ዝበረ፡ ብዘይ ክብሪ ይመውት። (ኣኒስ መንሱር)

ብሂወትካ ዕወት ዝኮበርካ እኽሎ መንገዲ ስራሕካ ምፍቃር'ዩ። (ሲፍ)

## ካብ ጸለውቲ ሰባት
### ዊልያም ሸክስፒር (1564 - 1616)



መቶም ኣብ ስነጽሑፍ ከም ናይ ዊልያም ሸክስፒር ጥቕሲታት ገይሩ ዝተደጋገመ ጥቕሲ ደራሲ የለን። ሸክስፒር ብፍላይ ኣብ ስነጽሑፍ ቋንቋ እንግሊዝ ኣዝዩ ግሉን ስም'ዩ። ንሸክስፒር ዝና ከምዝረኸበ ዝገበሮ ግን እንታይ'ዩ?

ዊልያም ሸክስፒር ብ1564 ኣብ ብሪጣንያ - ስትራትፎርድ ኣብ ዝተባህለት ሓወሲ ከተማ'ዩ ተወሊዱ። ሸክስፒር ኻ ወዲ 18 ዓመት መንእሰይ ከሎ'ዩ ተመርዒዩ። ሰለስተ ወላድ ድማ ነይሮሞ። ንሱ ድሕሪ መርዓኡ ነታ ዝተወልደላ ሓወሲ ከተማ ስትራትፎርድ ገዲፉ ናብ ከተማ ለንደን'ዩ ከይዱ። ኣብኡ ከኣ ኣብ ስራሕ ትያትር ክሰርሕ ጀሚሩ።

ሸክስፒር ዝና ዝረኸበ ኣዝዩን ደስ ዝብሉ 38 ድራማታት ድሕሪ ምድራሱ ኢዩ። ንሱ ኣብ ከተማ ለንደን ኣብ ዝበረሉ እዋን ኣብ ነፍስ ወከፍ ዓመት ብውሑዱ ክልተ ተዋስኦ (ድራማ) ይጽሕፍ ምንባሩ'ዩ ዝግለጽ። እንተኾነ ኑዩም ዝጸሓፎም ዝበረ ድራማታት ኣብ ክንዲ ኣብ መጽሓፍ ዝሓትሞም፡ ኣብ መድረኽ'ዩ ዘቕርቦም ነይሩ። እዩም ዝደርሶም ዝበረ ድራማታት ደማ ብዝዓዘበ፡ ኣዝዮም ፍቱዋት'የም ነይሮም። ብ1616 ዝሞተ ዊልያም ሸክስፒር፡ ንሱ ዝሰርሖም ዝበረ ድራማታት ምስ ሞተ ድሕሪ ሸውዓተ ዓመት'ዮም "First Folio" ብዝብል ስም ብእኩብ ተሓቲሞም ንኣንበብቲ ዝተዘርግሐ።

ንድራማታቱ ዘንበቡ ሰባት፡ ሸክስፒር ሓያል ተራኺ ዛንታ ምዃኑ'የም ዝምስክሩ። ኣብ ግዜኡ ዝበሩ ሰባት ደማ ልክዕ ከም ናይዚ እዋን ፊልምታት፡ ብድራማታት ሸክስፒር'የም ተኣኪቦም ዝፍንዉ ነይሮም። ብዝወሰኸ ሸክስፒር ዓሚቝ ናይ ምሕሳብ ክእለት ዝበሮ ሰብ ኢዩ። ንሱ ኣብ ድራማታቱ ኣብ ሓቀኛ ሂወት ዝተሞርኮሱ ዝተፈላለዩ ገጸ ባህርያት ፈጢሩ። ሸክስፒር ብቛንቛ'ውን ሃብታም'ዩ ነይሩ። ኣብ እንግሊዝኛ 'ሊፕፍሮግ፡ ሎንሊ' ከምኡ'ውን 'ዋችዶግ' ዝብሉ ቃላትን ሓረጋትን ብሸክስፒር ዝተማህዙ ምዃኖም'ዩ ዝነገር።

ድራማታት ሸክስፒር ንብዙሕ መዳይ (ክፋል) ሂወት ወዲ ሰብ'ዩ ዝድህስሱ። ንሱ ከም "ሚድ-ሳመር ናይትስ ድሪም"፡ 'Much Ado About Nothing', ከምኡ'ውን "As You Like It" ዝብሉ ኣዘዮም መሰጥቲ ኮሜዲታት'ዩ ጽሒፉ። ሸክስፒር ብዝወሰኸ ብዛዕባ ነገውስ ብሪጣንያ ብምጽሓፍ፡ ታሪኽ'ታ ሃገር ብኣዝዩ መልክዕ'ዩ ከቕርቦ ፈቲኑ። እዮም ዘሕዝን ፍጻመ ዘለዎም (ትራጀዲ ዝብሃሉ) ድራማታት ሸክስፒር ድማ ኣብ ተፈጥሮ ሰባት ዝዘሎ ኢንታታት ኢያም ዝድህስሱ። ከም 'Hamlet', 'Romeo and Juliet', 'Othello', 'King Lear' ከምኡ'ውን 'Macbeth' ዝብሉ ድራማታት ከኣ ገለ ካብኣቶም ኢዮም። ሸክስፒር ኣብ ትርፊ ግዜኡ ግጥምታት'ዩ ዝጽሕፍ ነይሩ። እዩም 14 መስመር ዝሓዙ (ሶኔት) 154 ግጥምታት፡ ገለ ካብቶም ፍቱዋት ፍርያት ዊልያም ሸክስፒር ኢዮም።

## ን36 ሰዓታት ብዘይ ምቁራጽ ዝቐጸል ድቃስ !



ከምኡ'ውን ብሓኪይም ዝተዋህበ መድሃኒት ብምውሳድ ዝበረቶ ፈተነ ዛጊት ለውጢ ከምጸኣላ ኣይከኣለን።

ፓውላ ስቲዩሪት'ያ ትብሃል። ንሳ ን36 ሰዓታት ብዘይምቁራጽ ስለእትድቕስ በዓል ቤታ ንግሆ ንግሆ ኣብ ገጻ ማይ እናፍሰሰ'ዩ ዘተንስኣ። እዚ ኣገባብ ምናልባት ኣብ ገለ ሰብ ሓዳር ጠንቂ ባእሲን ምፍልላይን ክኸውን ይኽእል። ነታ 38 ዝዕድመኣ ፓውላን በዓል ቤታን ግን ልሙድ መዓልታዊ ተርኣዮ ኢዩ። እዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ጸገም፡ ሳሕቲ ዝረአ ጥዕናዊ ሸግር ምዃኑ'ዩ ዝሕበር።

ንሳ ብዛዕባኡ ክትዛረብ ከላ "በዓል ቤተይ ማርክ እንተዘየተንስኣኒ፡ ምሉእ መዓልቲ ምደቀስኩ" ትብል። ሓዳር ቅድሚ ምግባራ ድማ ሰኣን ዘተንስኣ ጥራይ ዘይኮነ፡ ዝድወል ቴሌፎን ይኹን ምኽሕኳሕ ማዕጾ ትሰምዕ ብዘይምንባራ፡ ካብ ስራሕ ትጦኽረሉ ግዜ ከምዝነበረ'ያ ፓውላ ትዛረብ። ንፓውላ ልዕሊ ኹሉ ዘተሓሳስብ ግን ምስ ደቀሰት ክትሰምዕ ብዘይምኽኣላ ንርቂ ባርዕን ካልኦት ሓደጋታትን ከይትቃላዕ እዩ። ንሳ ብዝወሰኸ ሰይቲ ክትትሰእ ስለዘይትኽእል ንደቃ ዘድሊ ምክትታል ክትገብር'ውን ኣይተኽእልን'ያ።

ኣብ 2001 ግዝኣት ካሊፎርንያ ብማዕበል ኣብ ዝተጠቕዐትሉ እዋን ፓውላ ደቂሳ ክትሰምዕ ብዘይምኽኣላ ሰባት ገዲፎማ ከምዝሃደሙን ንበይና ኣብቲ ትነብረሉ ዝበረት ኣፓርትማ ከምዝተረፈትን ጋዜጣ ደይሊ መይል ትጠቅስ። ፓውላ ካብዚ ጸገም ንምግልጋል ብዙህ ጻዕሪ'ያ ኣካይዳ። ንሳ ቀልጢፋ ብምድቃሳ ኣብ ግዜ ምሽት ስፖርታዊ ምንቅስቓስ ብምግባር

## ህንዲ፡ ገዳይም ኣውቶብሳት ኣገልግሎት ዓይኒ ምድሪ ይህባ

ኣብ ህንዲ ብዝሎ ጸዕቂ ትራፊክ ብዙሓት ደቂ ኣንስትዮ ካብ ስራሕ ይኹን ካብ ትምህርቲ ተመሊሰን ኣብ ገዛ ተፈጥሮኣዊ ጉዳየን ከሳልጣ ስለዘጸግመን፡ ኣብታ ሃገር ኣድላይነት ህዝባውያን ዓይኒ ምድሪ ጎሊሑ'ዩ ዝረአ። እዚ ዝተዓዘበት ሶፍርና ዶጋርያ ዝተባህለት ተማሃሪት፡ ኣብ ሓንጎላ ሓደ ሓሳብ መጺኣ።

ንሳ ነተን ኣብ ፎቐዶኡ ካብ ስራሕ ደው ዝበላ ገዳይም ኣውቶብሳት ከም ተንቀሳቓሲ ዓይኒ ምድሪ ዘገልግላ ኣገባብ'ያ ሃሰው ክትብል ጀሚራ። ነታ ኣብ ሓደ ቦታ ደው ኢላ ከም ዓይኒ ምድሪ እተገልግል ዝረኣየታ ኣውቶብስ ድማ ናብ ተንቀሳቓሲ ዓይኒ ምድሪ ንምልዋጣ ሓደ ፕሮጀክት ኣበጊሳ። እቲ ምስ ሱብ ዋኒን ብምትሕብባር ኣብ 2016 "ኒ ቶይለት" ብዝብል ስም ዝጀመረ ፕሮጀክት፡ ኣብዚ እዋን 12 ዝንቀሳቐሳ ኣውቶብሳት ዝሓዘ ኮይኑ፡ ንመዓልቲ ንኣስታት 200 ደቂ ኣንስትዮ ኣገልግሎት ዓይኒ ምድሪ ይህብ ከምዘሎ ኣገልግሎት ዜና ኣጃንስ ፍራንስ ፕረስ ይጠቅስ።

እቲ ኣዝዩ ምቹእ ምዃኑ ዝነገረሉ ተንቀሳቓሲ ዓይኒ ምድሪ ብጹሓያዊ ጸዓት ዝሰርሕ ኮይኑ፡ ንመጻኢ ብዝሒ ናይተን ኣውቶብሳት ናብ ሓደ ሽሕ ክብ ብምባል ነቲ ኣገልግሎት ኣብ መላእ ህንዲ ንምብጻሕ መደብ ከምዘሎ ድማ ኣካየድ'ቲ ናይቲ ፕሮጀክት ይገልጹ። ኣብታ 1.3 ቢልዮን ብዝሒ ህዝቢ ዘለዋ ህንዲ፡ ሚልዮናት ህዝባውያን ዓይኒ ምድሪ ከምዝለዉ ይፍለጥ።

# ዛንታ'ታ ጽንብላሊዕ



መርሃዊ ገብረሚካኤል

ኣብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ፡ ሓንቲ ናብ'ዛ እኑብራላ ዓለም ንምጽንባር ምሉእ ባህጊ ዝነበራ እትመስል ውልዶ ጽንብላሊዕ፡ ኒታ ተፈጥሮ ዝለገሰትላ ንእሽቶ ቀዳድ ተጠቒማ ካብቲ ንኣዋርሕ ተዓቚባትሉ ዝነበረት - መገልበጢ ሰፍራ (ሸፋን) ንኽትወጽእ ብዙሕ ፈተናታት ኣካየደት። እንተኾነ ዝነበራ ዓቕሚ ተጸንቂቑ ናህሪ ጻዕራታታ እውን እናተዳኸመ ክመጽእ ጀመረ።

ኣብ ከፀዚ ህሞት እንክሎ እያ እምበኣር፡ ብኣጋጣሚ ኣብ ትዕዝብቲ እቲ በቲ ከባቢ ዝሓልፍ ዝነበረ ሰብኣይ ክትኣቱ ዝኸኣለት። ንኸሉ ንጥፈታታ ብኣንክሮ ክዕዘብ ዝጸንሐ ሓላፊ መንገዲ፡ ንሓፈሻዊ ጉዕዞ ኣመጻጽኣ ደቀቕቲ ፍጡራት ኣብ ዓለም ከመይ ከም ዝማሰል ንምፍላጥ ቀው ኢሉ ክዕዘብ እኳ እንተደለየ፡ ጻዕርን ከልበትበትን እታ ውልዶ ጽንብላሊዕ ግን፡ ኣይተገሃ ንሕልና ዘለዎ ወዲ ሰብ ንኻልእ እውን እንተኾነ ሰቕ ኢሉ ክዕዘብ ዝድርኽ ኣጋጣሚ ኣይነበረን። ስለዚ ድማ እቲ ሰብኣይ እውን፡ ካብዚ ብዝዩፍለ በታ ትክኣሎ ገለ ሓገዝ እንተገበርኩላ ብምባል፡ መንገዱ ኣቋሪጹ ካብቲ ዝነበሮ እንቋቑሖ ንምውጻእ ሓገዙ ከወፈ ተዳለወ።

ካብ ምሓር ድንጋጸ ዝተላዕለ ክጸውሮ ዘይክኣለ ስምዒት እናወረሮ ከኣ፡ ክሕግዛ ከም ዘለዎ ተሰዊጥዎ ናብታ ካብቲ ዝነበሮ ቦታ ብዙሕ ኣብ ዘይርሕቕ ኮይና - ልዕሊ ዓቕማ ጻዕርታት ተካይድ ዝነበረት ጽንብላሊዕ ቀረበ። እዚ ሰብኣይ ቅድሚ ዝኾነ ስጕምቲ ምውሳዱ ኣየናይ ክፋል ኣካላታ'ዩ ብቐሊሉ ንኸይትወጽእ ዓንቂፍዋ ዘሎ ንኽፈልጥ ዝያዳ ቀረበ ተዓዘበ። እቲ ንምውጻእ እዛ ጽንብላሊዕ ዓቢ መኻልፍ ኮይኑ ዝጸንሐ እምበኣር፡ እቲ መንዙጦባ እዩ። እቲ ሰብኣይ ዝቐለለ ኢሉ ዝኣመኖ ኣገባብ ተጠቒሙ ካብቲ ዓቐቲ ኢሉ ዝሰየሞ ናይ ተፈጥሮ ሰፍራ ንሸኮላኣ ዘኽእሎ ሓሳብ ሃሰው ክብል ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብ ሓደ ነገር ተሰማምዐ።

እቲ ኣቐዲሙ ሓሲብዎ ዝነበረ ኣብ ግብሪ ንምውዓል ከኣ፡ ቅሉዕ ማሰሉ ዝተራእየ ውሳነ ክወስድ ስለዝነበሮ - መቐስ ተጠቒሙ ንገለ ክፋል መንዙጦባ እታ ጽንብላሊዕ ንምቕራጽ ተበገሰ። በዚ መሰረት፡ እንታይ ኪጋጥም ይኽእል ብዙሕ ከይሓሰበ፡ ንምትግባሩ ጥራይ ተጓየየ። ድሕሪ'ዚ እቲ ሰብኣይ ብዘይካ'ቲ ካልእ ኣካላታ ንመንዙጦባ ከም ኣጕዳሲ ክፋል ኣካላታ ቀጺሩ፡ ግቡእ ጥንቃቐ ዘድልዮ ኮይኑ ኣይተሰመዖን። በዚ ከኣ ነቲ ዝተረፈ ከይልክም ከይተጠንቀቐ ነተን ከልከለንኣ ዝነበራ መንዙጦባ፡ በታ ዘይትምሕር መቐስ ንላዕለዋይ ክፋል'ቲ መንዙጦባ ሕኽኽ ኣቢሉ ቀረጾ።

እታ ጽንብላሊዕ ዋላ እኳ ካብቲ ናይ ተፈጥሮ ሰፍራኣ ብዘይ ዝኾነ ጸገም ክትወጽእ እንተ ኸኣለት፡ ከም ኣሕዋታን ሰድራኣን ግን ክትብርር ከም ዘይትኽእል ግዱ ዘንገዖ - ንምብራር ሕጂውን ካብቲ ቀዳማይ ዘይውሕድ ብዙሕ ጻዕርታት ክትገብር ጀመረት። ካብቲ ኣቐዲማ ተዓቚባትሉ ዝጸንሐት ሰፍራ ብቐሊሉ ክትወጽእ ብምኽኣላ ጥራይ ሩፍታ ዝተሰመዖ ሰብኣይ፡ ንምብራራ ግዱ ብዘጉ ኣብ ሓደ ቦታ ደው ኢሉ ከቋምታ ፈተኑ። እንተ እታ ቅድሚ ሐደት እዋን ናብዛ ዓለም ዝተጸንበረት ጽንብላሊዕ ይትረፍዶ ክትፍርሲ ካብቲ ዝነበረቶ ንቑሩብ ርሕቀት እውን ምዕይ ክትብል ኣይከኣለትን። በዚ ተስፋ ከይቆረጸት ደጋጊማ ፈቲና ምስላጥ ምስ ኣበየ ግና፡ ጻዕሪ ናህሪታታ ኣዝሒላ ብድኻም ተሰኺፋ ዘፍ በለት።

በዚ ከኣ ጽንብላሊዕ ሆዩ፡ ነተን ዝተዋህበተን ናይ ምንባር ግዜያት፡ ዘይከም ኣሕዋታ ኣብ መሬት ለመም እናበለትን ብፍልፈልታ ንፋስ ምስ ዝኸውን ነገር እናተላገወትን ከም ማእዝን ዝጠፍኣ መርከብ የማን ጸጋም እናንተከብበለት ክተሕልፎ ተገደደት። እቲ ሰብኣይ ዘይምብራር እዛ ጽንብላሊዕ ንኽፈልጥ ሕጂውን ናብኣ ቀረበ፡ ድሕሪ ገለ ግዜያት ከኣ እቲ ጠንቂ ንሱ ከም ዝኾነ ክርደኦ ከኣለ፡ ምኽንያቱ ካብ ድንጋጸ ጥራይ ተበጊሱ እንታይ ይገብር ከም ዝሎ ከስተብህሎ ዘይከኣለ ሓደ ኣጕዳሲ ክፋል ኣካላት እዛ ጽንብላሊዕ ከም ዝሰየ ተገንዘበ። በዚ ከኣ፡ ብዘይምፍላጡን ባዕላ ካብቲ ናይ ተፈጥሮ ሰፍራ ክትወጽእ ዕድል ብዘይምሃቡን ኒታ ዋላ ሓንቲ ኣብር ዘይነበራ ጽንብላሊዕ ብምህሳዩ ኣዝዩ ተሰመዖ።

ሞራል ... እዚ ሰብኣይ ንኣጕዳሲ ክፋል ኣካላት'ዛ ጽንብላሊዕ ይቖርጽ ከም ዘሎ ከስተብህል ኣይከኣለን። ንምሉእ ዕድሚኣ፡ ሰኣን ኘዛ ወሳኒት ሽግር ተጸሚሚምካ ሰጊርካ ንዘየሰዩ ራህዋ ምቁማት፡ እዛ ፍጥረት ተሰፍኣ ሓንሳብን ንሓዋሩን ኣብ ምልክት ሕቶ ኣእትዩዎ። ኣብ ክንዲ በታ ተፈጥሮ ዝለገሰትላ ጸቢብ ቦታ ክትወጽእ ዕድል ዝሀበ፡ ዝሕግዛ ዘሎ እናመሰሎ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ህይወታ ጣልቃ ብምእታው፡ ክትከስሮ ዘይግበኣ ዓቢ ነገር ክትከስር'ዩ ኣጕዲዱዋ። ኣብ ህይወት እንገብሮ ጻዕሪ ተወሃቢናን ሓይልናን ከማዕብል'ዩ ዝሕግዘና። ግድላትን ሽግራትን ፈሪሕናን ደኺምና ኢልና እውን ጻዕርታትና ምስ እንቖጽሶ፡ ካልኦት ኣብ ህይወትና ጣልቃ ክኣትዉ ነቓዓት ንፈጥር ከም ዘለና ከስተብህል ይግባእ።

ምስ ምሉእ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ክእለትና እንክለና፡ ካልኦት ክሕግዙናን ከምኡ'ውን ኣብ ካልኦት ሰባት ክንምርኮሰን ምስ እንፍትን ግና፡ ውጽኢቱ ከም ዛንታ'ዛ ጽንብላሊዕ ምኻኑ ዘይተርፍ እዩ። ስለ'ዚ ብደሆታት ትርገም ምንባርና ዘምዕሩ መቐረት ህይወት ዘዘይዱ መሰረታውያን መሰርሕ ምንባር ምኻናም ተገንዚብና፡ ሽግራትና መፍትሒ ንምርካብ በቲ ዘለና ዝከኣለና ክንገብር ይግባእ። "ብሽግር ዘይተፈተኑት ህይወት መቐረት ዓለም ኣይንታያን እዩ" ክበሃል ዝይሰማዕና ክንደይናይ ከይኸውን። ሰባት ኣብቲ ብዘይ ናይ ዋላ ሓደ ደገፍ - ጸገምና ክንፈትሓሉ እንኽእል ኩነት፡ ብወለንታኦም ክሕግዙና ኣብ ዝጸንሑሉ እዋን፡ 'ኣይፋል' ይኹን ምርጫና።

# ኣደነቕቲ ሓቅታት




ኣብ ኣኪናዋ ዝተባህለት ደሴት ጃፓን ልዕሊ 450 ካብ ተቐመጥታ ልዕሊ 100 ዓመት ዝዕድሚኦም ዜጋታት ዝርከብዋ ብምዃና ኣብ ዓለም እታ ዝጠዐሰት ቦታ ተባሂላ እትጥቀስ ደሴት ኮይና ትርከብ።

ጋናማ ኣብ ዓለም እታ እንኮ ምልኣት ምብራቓን ጸሓይ ብሰለማዊ ወቅያኖሰን፡ ምዕራብ ጸሓይ ብኣትላንቲካዊ ወቅያኖሰን ክትዕዘብ እተኽእል ሃገር'ያ።

ተቐማጦ ቺርቺል ካናዳ መካይኖም ብዘይ ዝኾነ መፍትሕ ከይዓጸወወን እዩም ዝገድፋወን። ምኽንያቱ ኣብ ዝኾነ እዋን ኣብ ቀንዲ ጎደናታት እታ ከተማ መጥቃዕቲ ደቢ ኪጋጥም ስለዘኽእል ኣብ ልዕሊ ኢጋር ዝኾነ ጉድኣት ከየጋጥም ስለ ዝሰግእ በዞን ኣብ ጥቓኡ ዝርከብ መካይን ካብቲ ሓደጋ ንኸምልጥ ዕድል ንምፍጣር ስለዝኾነ።

ሰፍሓት መሬት ሃገረ ሩሲያ ማዕረ እታ ኣብ ስርዓት ጸሓይ ዝከኣሰት ፕላኔት ምዃና ዝንገረላ ፕሉቶ'ዩ።

ስነ ፍልጠታውያን ተመራመርቲ ኣብ ደሴት ግሪንላንድ ደቢ እናተመገበ ዝናበር ሻርክ ዓሳ ክረኽቡ ክኢሎም። እቲ ዘገርም እዚ ዓሳ ን200 ዓመት ብዘይ ዝኾነ ጸገም ክጸንሕ ዝኽእል ምዃኑ'ዩ።

ኣብ ሃገረ ጃፓን ዝርከብ ገለ ገለ ኣብያተ መግቢ (ረስቶራንት) ንምምዋለን ብህበይ እየን ዝሳስየኦም።

# ጥቕስታት

"ኣብ ሕልምታትካ ምንባር ኣወግድ። ምኽንያቱ ነቲ ሓቀኛ ምንባር ስለዝረስዕ።" ጀይ ከይ ሮውሊንግ

"ሎሚ ንሰኻ ኢኻ፡ እዚ ናይ ሓቅታት ሓቂ'ዩ። ዋላ ውን ሓደ ሰብ ንዓኻ ማሰሉ ነቲ ንሰኻ ትኣብሮ ዘለኻ ማሰሉ ክኣብር ዝኽእል የለን።" ዶክተር ሶእስ

"እታ ዕለት ሓሊፋ'ያ። ዝከኣለካ ከኣ ገርካ ኢኻ። ዝፈጸምካዮም ጌጋታትን ዘጋፋኻ ጸገማትን ምስታ ዕለት ኣፋንዎም። ብዙተኻእሎካ ረሲዕዮም። ጽባሕ ሓዳስ ዕለት'ያ። ብህድኣትን ወሸጣዊ ሰላም ብዘለዎን ፍሰህ መንፈስ - ሓይልኻ ኣደልዲልካ ቅረብ።" ራልፍ ዋልዶ ኤመርሰን

"ህይወት ንለባም ዕላማ'ያ። ንዓሻ ጸወታ'ያ። ንሃብታም ኮሜዲ'ያ። ንድኻ ድማ ትራጀዲ ምዃና'ያ።" ሻሎም ኣለንህም

"ከም መጽሓፍ ዝኣማሰለ ሞራላውን ዘይሞራላውን የልቦን። ምኽንያቱ ኣዝዩ ጽቡቕ መጻሕፍቲ ኣሎ። ኣዝዩ ግናይ መጻሕፍቲ'ውን ኣሎ።"ኦስካር ዋይልድ

"ካብ ሃብቲ ፍልጠት ይምረጽ። እቲ ምንታይሲ እቲ ሓደ መሰጋገሪ እቲ ካልእ ከኣ ኣካሪ ስለ ዝኾነ።" ሶቅራጥስ

"ትሰፋው ምዃን ናይ ሓጎስ ማግኤትዩ። እወታዊ እንተ ደኣ ኮይንካ ጽቡቕ ነገርን ግሩማት ሰባትን ናባኻ ክውሕዙ'ዮም።" ሜሪሉ ሮተን

# እታ'ደ

ህጻን እየ ኣረ ኣጎል ዘይተረረኩ  
ፍሽኽ ፍሽኽ ኢብል ገለ ከይፈለጥኩ  
ካብ ዛራ ልብኺ ኩብደይ ዘሀንገልኪ  
ምስ ኑብኪይ የዕልል ምስልኺ እናረኣኹ።

ምስልኺ ምስሊ ወላዲት ንኹሉ ጠዋሪት  
ሕማቕ ይኹን ጽቡቕ ንኹሉ በዳሂት  
ፍቕራዶ ይምኖ ሕቑፊ ናይ ወላዲት።

ኣደዶ ኩበለኪ ዋዕሮ ሓራስ ኑበሪ  
ተወሊዩ ስራሕኪ ንኹሉ ብኹሉ ብሞዕረ ተኣብሪ  
ኣጦን ኣደን ኮይና ሰድርኣ ትኣሊ  
ተዋጊኣ ኣዋጊኣ ኣደ ኣሰር ሕላገታ'ዩ ማሰኮራ።

ሓቂ ቁልቁል ኣፋ ምስ ተደብዩት  
ዓለም ርእያ ከም ዘይረኣየት ኣዒንታ ምስ ዓሙተት  
ናይ ደቀባት ሻምላ ካብ ቆፎ ዝመዘዘት  
እወ ንሳ እታ'ደ ዶኽ ኣይርሳትን ኢታ።

ኣጅኹም ዞም ደቀይ መሬቓ ዘፋነውት  
ንፋስ ከይኣትዎ ኃይ ማእገረይ ዘማሞቐት  
ንኣፋ ጉዲፋ ከሰዐይ ዘሀንገለት  
ኣብ ፊቐዶ ግንባራት እግሪ እግረይ ዘርከበት።  
እወ እታ'ደ  
ኣብቲ ድቕድቕ ጸላም ዘመነ ዓቐቲ  
ሰለም ኣይብላን ኣዒንታ ቀትሪ ይኹን ለይቲ  
ተኸላኺላ ኣደ ከም ዘፍባይ ሕዝኣቲ  
ተጋዲላ ኣደ መሬታ ከይድፈር ብፀዓውያን ግዝኣቲ  
ኣይሀስሶ ታሪኻ ዓቃቢት'ያ ኣደ እምንቲ በዓቲ።  
በየነ ገብረሚካኤል ( ባሕሪ)  
ካብ ሞልቂ



# ሰንበት ቈልዑ





መም. ዮናስ ሃብተ

## ዛንታ'ባ ቀይሊለይ

ኣብ ሓደ ገዛ፡ ፊልም ምርኣይ ጥራይ ዝፈቱ ቈልዓ፡ ተለቪዥን ዘየጥፍእ ሓንሳብ ምስ ወልዓ፡ ኣጋጣሚ ኮይኑ ኤሌክትሪክ ከይዱ፡ ገዛ ጸልሚቱ ልቺ ጠፊኡ፡ ዓቕሉ ጸቢብዎ፡ ዝገብሮ ጠፊእዎ፡ ክድቅስ እንተበለ ድማ ድቃስ ኣብይዎ። መዘናግዒ ደልዩ ንምሽቱ፡ እናደየበ ናብ ዓራቱ፡

ጽውጽዋይ ክነግርዎ፡ ሓቲትዎም ንኣባሓጉኡ።

እቶም ኣብሓጉኡ፡ ስለ ዝፈልጥዎ ባህሪ ናይቲ ቈልዓ፡ ዛንታ ምሂዞም ሸዓ ንሸዓ፡

"ሓደ ቈልዓ ነይሩ. . ." ኢሎም ዛንታ ጀመሩሉ።

እቲ ቈልዓ ድማ ምዕንጅሉ፡ ንዕኡ ዘይመስሎ "ህ..." እናበለ፡ ክሰምዖ ኩድም ኢሉ።

ሽዑ እቶም ኣብሓጉኡ፡

"ሓደ ቈልዓ ነይሩ፡

ሕማቕ ዝኣመሉ፡

እንትርፎ ጸይቂ፡ ጽቡቕ ዘይኮነሉ፡

እንትርፎ ጸወታ፡ ቁም-ነገር ዘይብሉ፡

ቲቪ ክርኢ ዝሓድር- ክጻወት ውዒሉ።

ምስ ወግሐ ድማ፡

ህኩይ ንምትሳእ፡

ትምህርቲ ዝዕጾ ኩሉሳዕ።

እቲ ንግሆ ንግሆ፡ ኣብ ቀዳማይ ክፍለ ግዜ ዝሓለፎ፡ ተዋህሊሉ ተዋህሊሉ ትምህርቲ መሰትረፎ፡ ክሳብ ሕጂ ኣብታ ዘለዋ ደው ኢሉ ኣሎ፡ ኣብ ቀዳማይ ክፍሊ እናተረፈ፡ ን'ቡ፡ ሱ፡ ሽ. . .' ይደጋግመን ከም ፓፓጋሎ።

ዝገርመካ እቲ ቈልዓ፡ ነብሰን ቁመትን እምበር፡ ዘይውሰኽ ትምህርቲ፡ ኣብታ ሓንቲ ቻነል ጸኒሑ ናብታ ሓንቲ፡" ኢሎም፡ ነታ ጽውጽዋይ ጀሚሮም፡ ገና ከይወድእዋ፡ "ጪጭ!" ኢሉ በኽዩ ወዮ ቈልዓ።

ምኽንያቱ፡ እቲ ዛንታ ኮይኑ ናቱ፡ ኣትይዎ ናብ ውሽጢ መትንታቱ፡ ተፈሊጥዎ ጉድለቱ። ከይደንጎየ ሽዑ፡ ብኡ ንብኡ፥

"በጃኻ ኣባሓጎይ፡ እዛ ዛንታ ኣይፈተኹዋን እሞ ቀይረለይ፡" ምስ በሎም፡ እቶም ኣብሓጉኡ ድማ፡

"ኣነ ነቲ ዛንታ ባዕለይ ዘይኮንኩ ዝፈጥሮ፡ ዘይ ነቲ ሰብ'የ ነናቱ ዝነግሮ። ስለዝስ እቲ ኣነ ዝነገርኩካ ዛንታ፡ እንተ ከምርሮ እንተ ከመቅሮ፡ እቲ ባህርኻ እዩ ነቲ ዛንታኻ ዝቕያይሮ እሞ፡ ኣነ ጽቡቕ ዛንታ ምእንቲ ክነግረካ፡ ቅድም ባዕልኻ ናብ ጽቡቕ ቀይሮ ኣካይዳኻ፡" ኢሎሞ።

ሽዑ ንሱ፡ "ሕራይ ኣባሓጎይ! ካብ ሎሚ ምሸት ጀሚረ፡ ብእዋነይ ደቂሰ ብእዋነይ ክትስእ'የ፡ ትምህርተይ ድማ ክከታተል እየ፡" ኢሉ መብጽዓ ኣተወ፡ እቲ ጌግኡ ስለ ዘስተውዓለ።




**ሞራል**= ሰብ ባዕሉ እዩ ንታሪኽ ህይወቱ ዘኽፍኦ ወይ ዘጸብቖ።



## ደሓን ሕደሩ

ሕጂ ደሓን ሕደሩ፡  
ግዜ ድቃስ ኣኺሉ፡  
ክንድቅስ ኢና፡  
'ጎፋር' ምስ ዝተባህለ ከልብና።  
ሎሚ ጽብቕቲ ነይራ-ኣዝያ ሕጉስቲ፡  
ጽባሕ ድማ-ካልእ ሓዳስ መዓልቲ።  
ኩሉ ግዜ፡ ኩሉ መዓልቲ፡  
ዘሐጉስ መሊኡ'ዩ፡  
ኣብዚ ኣብቲ።



**ሞራል**= ከም እንርእዮ እዞም ቈልዑ፡ ኣብ ድቃሶም ኮይኖም እዮም ዝዛረቡ ዘለዉ። ምስ እንስሳ ምድቃስ ማለት፡ ባህ ኢሉካ ተሓጉስካ ምድቃስ ማለት እዩ። ከምዞም ቈልዑ ባህ ኢሉና ጽቡቕ ክንድቅስ እንተ ደሊና፡ ነዛ ተዋሂባትና ዘላ መዓልቲ ሎምና-ዘቕስን ስራሕ ሰሪሕና ክንሓልፋ ኣለና።

## ምኽሪ ሰንበት

### ምስ ወልፊ ምጥባቕ

እንታ ቈልዓ ሃገረ-ሰብ ኣብቲ በርኻ ዓድኻ፡ ምስ ኩለን ጥሪትካ፡ ምስ ኩለን ኣባጊዕ፡ ኣጣል፡ ኣቡዕር ኣሓኻ ኴንካ ሻምብቆ እናሃረምካ፡ ተስተማቕር ንባህልኻ፡ 'እንካ ኣዝግነኒ-የላኻ የላኻ' እናተጻወትካ፡ ነተሓሳስባኻ ትሃንጽ ስለ ዘለኻ፡ ኩሉ ሰብ ሕጉስ'ዩ ብኣኻ።

እንሓንሳብ ድማ፡ 'ያህለል-ኣኹድር፡ ሻኩ-ኣተሓባባእ ጭርጭር እናተጻወትካ፡ ንባህልኻ ትዕቅብ ስለ ዘለኻ፡ ካብ ኩሉ ዓንቃፊ ወልፍታት ናጻ ኢኻ። ብሩህ ድማ'ዩ እቲ መጻኢኻ። ኣገናዕ! ኣገናዕ! ቈልዓ ሃገረ-ሰብ ኮሪዐ'የ ብኣኻ።

እንተ'ታ-ሓደ ሓደ ቈልዓ ከተማ፡ ብፍላይ ኣብ ፊልምን ገይምን፡ ጸወታ ሉዶን ካልእ ሕማቕ ነገራትን ተጸሚድካ ተሕልፎ ዘለኻ ነዚ ወርቃዊ



ግዜኻ፡ ትዘናጋዕ ዘለኻ'ዶ ይመስለካ? ትዘናጋዕ ዘይኮንካስ፡ ነቲ ወርቃዊ ግዜኻ ብላሽ ተሕልፎ ከም ዘለኻ ኢኻ-ዘንጊዕካ ዘለኻ።

እወ! ንብሩህ መጻኢኻ ኣብ ዘጸልምት ወልፊ ኢኻ-ተጣቢቕካ ዘለኻ። ንምሸቱ ብድድ ክትብል እንተ ደለኻኸ እቲ ወልፊ ብቐሊሉ ዝሰደካዶ ይመስለካ? እቲ ወልፊ ምሳኻ ተጣቢቑ፡ ደድሕሬኻ እናኸደ'ዩ ኣይትኣቱ ኣይትወፍር፡ ኣይትስጉም ኣይትነፍር ዝገብረካ።

ስለዝስ ኣንታ ቈልዓ ሃገረ-ሰብ ቀጽሎ ነቲ ጽቡቕ ባህልኻ፡ እንተ'ታ ኣብ ሕማቕ ነገራት ተጣቢቕካ ዘለኻ ቈልዓ ከተማ ግን፡ በጃኻ! በጃኻ! ካብ ብሕጂ ሕሰበላ ነዛ ነብስኻ።

## ሕንቲሕቲኽ



### ስለ ዝተኣማመን

ኣቦ= ጠዓመ ወደይ! ሎሚ ደኣ ስለምንታይ ኢኻ ከምቲ ናይ ቀደምካ መግቢ ምብላዕ ቅድሚ ምጅማርካ ጸሎት ዘይገበርካ?

ቈልዓ= ምኽንያቱስ ማማ ንዓደስ ጽቡቕ ገይራ ሰሪሓ ከም ትኽእላ ስለ ዝተኣማመን።

***

### ብምንታይ ተፈጊእካ

ኣደ= ኣታ ጀማል ወደይ እንታይ ኴንካ ደኣ ርእስኻ ሓቢጥካ?

ጀማል= ኣይ ደሓን'የ ማማ! ማለትሲ ሰናይ እዩ ፈጊኡኒ።


ኣደ= እዋእ! እሞ ከምዚ ክሳብ ትኸውን! ብምንታይ ገይሩ ድዩ ፈጊኡካ?

ጀማል= ብድንሽ!?

ኣደ= ድንሽሲ ክንድ'ዚ የሕቢጡካ?

ጀማል= ዘይኮነስ! እቲ ድንሽ ኣብ ውሽጢ ታኒካ እዩ ተዓሺጉ ነይሩ።

***




## ምኽሪ ሰነበት

1042

124256

### ንዕልቲዶ...

*ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጅምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቀምቲ ናይ'ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ "ምኽሪ ሰንበት" እምበኣር ንገለ ካብ'ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጶስጣ 1042 ናብ "ሆት ላይን" ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።*

ደዋሊት፥ ሄለው፥ ምኽሪ ብተሌፎን ድዩ?

ኣማኻሪ፥ እወ፡ ጽቡቕ ኣለኺ. ናብ ሃማመተኤ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተሌፎን ደዊልኪ ኣለኺ። መን ክብል?

ደዋሊት፥ ኣነ፡ ዳናይት፡ እበሃል።

ኣማኻሪ፥ ሕራይ ዳናይት፡ እሞ ናብ መደወሊኺ ጉዳይ'ዶ ክንኣቱ?

ደዋሊት፥ ኣነ ጓል 29 ዓመት ኮይነ፡ ካብ ከባቢ መቐርካ'የ ዝድውል ዘለኹ። በዓልቲ ሓዳር'ኳ እንተኾንኩ፡ ሎሚ ሎሚ ግን ሓዳር ጸሊኤዮ፡ ዓቕለይ ኣጽቢበ። ኣለኹ። እዚ ሓዳር ዝብልዎ ከምዚ ድዩ ወደይ! ብኻ ተሪፉኒ!

ኣማኻሪ፥ ዳናይት፡ ክሳብ ክንድዚ ሓዳር ዘጽልእ፡ ድኣ እንታይ ድዩ ተረኺቡ? ኣብ ሓዳር ክንደይ ጌርኪ ኣለኺ? ወሊድኪ ዲኺ'ኸ? ኣስፍሕ ኣቢልኪ ክትገልጽለይ።

ደዋሊት፥ ሓዳር ካብ ዝገብር 2 ዓመት ጌረ ኣሎኹ፡ ሓደ ቆልዓ ድማ ኣለና። እቲ ጸገም ኮይኑኒ ዘሎ ግን ባህርያት በዓል ቤተይ እዩ። በዓል ቤተይ ሰቕ ኢሉ ብካልኦት ሰባት ዝጥወ ኮይኑ፡ ብዘይካ ኣሕዋቱ ዝበልኦ፡ ናይ ካልእ ኣይሰምዕን እዩ። ብፍላይ ከኣ እታ ወሊዳ ዝተፋትሐት ሓብቱ ዝበለቶ ከም መጽሃፍ ቅዱስ እዩ ዝደግሞን ዘተግብሮን።

ኣማኻሪ፥ ከመይ ማለትኪ እዩ?

ደዋሊት፥ ምስ'ዚ ዝብለካ ዘለኹ ሰብ፡ ሌላና ቕድሚ ሓዳርና 3 ዓመት ኣቢሉ እዩ ዝኸውን። ገለ ደስ ዘይብለኒ ባህርያት ስለ ዝነበሮ ከዕርዮ ግዜ ወሲደ እየ። እንተኾነ ግና ካብ'ቲ ናይ ሸውጸገማቱስ ተመሓይሸ እዩ ኢለ ምስ ኣመንኩ ከምርዓዎ ወሲነ። እዚ ሰብ ግን ነዊሕ እዋን በይኑ ይነብር ስለ ዝነበረ ግዲ ኮይኑ፡ ኣፍልጦ ናይ ሓዳር የብሉን፡ ፡ ኣነ ዝሓይሽ ንግበር፡ ከምዚ ጌርና ድኳን ነውጽእ፡ ናብራና ንለውጥ ወዘተ እንተበልክዎ፡ ንዓይ ሕራይ ኢሉ ከይዱ ምስ ሓብቱ ይማኸር። ንሳ ከኣ እንታይ እንታይ ከም ትብሎ ኣይፈልጥን፡ መጺኡ ኣይከውንን'ዩ ይብለኒ። በል ካልእ ንሕሰብ እንተበልክዎ ድማ ብዙሕ ተስፋ ኣይህበንን።

ኣማኻሪ፥ ብዘይካ'ዚ እትብልዮ ዘለኺ ዘየረዳድእ ካልእ ጉዳይ ኣለኩም ድዩ?

ደዋሊት፥ እቲ ጉዳይ ብዙሕ'ዩ፡ እዚ ገለ ካብ'ቲ ዝዘከርክዎ' ኢዩ'ምበር' ምሳይ ዝሕልፎ ግዜ'ውን ብጣዕሚ ውሑድ ኢዩ። ብስርሑ ኣቢሉ ናብ እንዳስድርኡ ኢዩ ዝኸይድ። ሕሉፍ ሓሊፍዎ ድማ ኣብኡ ምስሑ ድዩ ድራሩ በሊዑ ይመጽእ፡ ንብላዕ እንተበልክዎ ከኣ ጸጊበ ይብለኒ። ኣነ'ውን ዘበዝሐ ግዜ ኣብ ስራሕ እየ ዘሕልፎ። ኣብ'ታ ንእሽቶ ንራኸበላ ግዜ ግን ቡን ንስተ እንተበልክዎ፡ ሓንሳብ ናብ ኣዕሩኽተይ ሓንሳብ ድማ ስድራ ጸዊዐናኒ እናበለ ግዜ ኣይህበንን።

ኣማኻሪ፥ ዳናይት፡ ንድሕሪት ክመልሰኪ፡ ቅድሚ ምምርዓውኩም ሕማቕ ባህርያት ነይርዎ ዝበልክዮ እንታይ እዩ ነይሩ? ሕጂ'ኸ ተኣሪምሉ ድዩ ዋላ ኣሎ?

ደዋሊት፥ በዓል ቤተይ ቅድም ኢ. ምምርዓውና ሰታይ ኢዩ ነይሩ። ሕጂ ግና ገዲፍዎ ኢዩ።

ኣማኻሪ፥ እሞ በዚ ትብልኒ ዘለኺ መሰረት፥ ንስኺ'ውን ዘበዝሐ ግዜኺ ኣብ ስራሕ ኢኺ ተሕልፍዮ። ብወገንኪ ንበዓል-ቤትኪ ካባኺ ክረኽቦ ዝግብኦ ግዜ ዝሓጸሮ'ዶ ይመስለኪ?

ደዋሊት፥ ንሱ'ውን ዘይብለ'ዶ ኮይኑ፥ ስራሕ ገዲፍኪ ኮፍ በሊ ኢዩ ዝብለኒ። ኣነ ግን ብቑጠባ ስለ ዘይደልደልና፡ ስራሕ ክገድፎ ኣይደለኹን እየ።

ኣማኻሪ፥ ምስ'ታ ዘጠቀስክያ ንዕልትኺ፡ ርክብክን ከመይ ኢዩ?

ደዋሊት፥ እንታይ'ሞ ክብለካ እየ፡ ሓንቲ ኣምሰሉ ኢያ። ፍትሕቲ ስለ ዝኾነት፡ ሓዋ ሓዳር ብምግባሩ ሕጉስቲ ኣይመስለንን።

ኣማኻሪ፥ ዳናይት፡ ንዕልትኺ ስለ ዝተፋትሐት ግድን ድዩ ካልእ ሰብ ከምኣ ክኸውን ክትደሊ?

ደዋሊት፥ ባዕላ ትፍለጥ! ኩሉ ሰብ ከምኡ ማለተይ ኣይኮነን። እንተኾነ ግን ኩሉ መጋብራ ከምኡ ኢዩ ዝመስል፡ ካብ ምስ ኩሎም ምጭቕጫቕ ግን፡ ፍትሕ ዝሓይሽ ኮይኑ ኢዩ ዝስመዓኒ ዘሎ።

ኣማኻሪ፥ እቲ መጋብራ ትብልዮ ዘለኺ እንታይ ኢዩ?

ደዋሊት፥ ከም'ቲ፡ ዝበልኩኻ፡ በዓል ቤተይ በይኑ ብዙሕ ዓመታት ስለ ዘሕለፈ፡ ኣብ ደስ ዘበለን ክልእኸኦ እየን ዝደልያ ኔረን። ቀሩብ መዓልታት ደሃይ እንተኣጥፊኡ፡ እንታይ ደኣ ጠፊእካ፡ ሓዳር ምስ ገበርካስ ገዲፍካና፡ እናበለት፡ ትኀጥዮ። ንሱ ኸኣ ሰኣን ልቡ፡ ክጽውዖኣን በርገግ ኢሉ ክኸይድን ሓንቲ ትኸውን።

ኣማኻሪ፥ እዚ ነገር'ዚ ደስ ይብለኪ ከም ዘየለ ተዘራሪብኩምሉ ትፈልጡ'ዶ?

ደዋሊት፥ ካብ ምሕር ምዝራብ ሎምስ ኣረብሪቡኒ ኢዩ። "ዘረባ ኣይተብዝሕለይ፡ ጨቕጫቓ ኩይንኪ ተሪፍኪ" ኢዩ ዝብለኒ። ሕጂስ ረብሪብ እየ። እንታይ ከም ዝገብር ሓርቢቱኒ ኢዩ ዘሎ።

ኣማኻሪ፥ ሕጂ ቀንዲ ኣሸጊሩኪ ዘሎ ጉዳይ እንታይ ኢዩ? ባህርያት በዓል ቤትኪ ድዩ ዋላ ጉዳይ ንዕልትኺ?

ደዋሊት፥ እንድዕሉ ወደይ! ናይ ሓብቱስ ባዕሉ ምፈለጠ፡ በዓል ቤተይ ግና ዓሰርተ ግዜ ናብ ስድራይ እናበለ ምምልላስ ገዲፉ ሓዳሩ እንተዝገብር ምሓሸ እየ ዝብል።

ኣማኻሪ፥ ሓዳሩ ክገብር እንታይ ዘድሊ ይመስለኪ?

ደዋሊት፥ ኣነ ድኣ፡ በዓል ቤተይ ናብ ስድራይ ምባል ገዲፉ፡ ሰጥ ኢሉ ናብ ገዛይ ክብል እንተዝጅምር፡ ምሳይ ዝተማኸሮ'ውን ምስ ካልእ እንተዘይተዛራረብሉ ሓዳረይ ምፈተንክዎ።

ኣማኻሪ፥ እዚ ንኽከውን እንታይ ክግበር ኣለዎ ትብሊ?

ደዋሊት፥ ሓንቲ ነገር ረሲዐልካ'ባ፡ ኣሕዋቱ ኣብ ደገ ኣለውኦ። ንሰን ዝሰዳሉ ቀንጠመንጢ ኣሎ። ካብ'ቲ ዝጠቕማና ግን ዝፈጥራልና ዕግርግር ስለ ዝበዝሕ፡ ኢደን እንተዝእክባልና ምሓሸ፡ ምኽንያቱ መጀሃሪ ኢዩ ዝገብሮ ዘሎ።

ኣማኻሪ፥ ዳናይት ገለ ካብ'ቲ ደስ ዝብለኪ ባህርያት በዓል ቤትኪ'ኸ እንታይ ክትጠቕሲ ትኽእሊ?

ደዋሊት፥ መልክዑ ሸኮር ኢዩ፡ ተቀባል ጋሻ ኢዩ፡ ንስድራይ'ውን የኽብሮም ኢዩ። ኣብ'ታ ዝህልወላ እዋን ክተሓጋገዝ ይፍትን ኢዩ። ስድራይ ናይ ምባል ሕማምን ምስ ሓብቱ ዝገብሮ ሕሹኽሹኽን ገዲፍካስ ደሓን'ኮ ኢዩ።

ኣማኻሪ፥ ኣብ ውላድኩም'ኸ ይግደስ'ዶ?

ደዋሊት፥ ሓንቲ ተሕጉስ ነገር ደኣ ንሳ እንድኣላ። ኣብ ቆልዓ ብጣዕሚ ኢዩ ዝግደስ፡ እቲ ቆልዓ'ውን ብዘይ ኣቦኡ ክሓድር ኣይደልን ኢዩ።

ኣማኻሪ፥ ንስኺ ኣብ እትጽገምሉ ግዜ፡ ንኣብነት ኣብ ትሓምሉ እዋን፡ ሓገዙ ከመይ ትርእይዮ?

ደዋሊት፥ እዋእ! ክሓምም ከለኹስ ዝሕዞን ዝጭብጦን ኢዩ ዝጠፍኦ፡ ኣብኡ በጺሕካስ ብጣዕሚ ቦቕባቕ ኢዩ።

ኣማኻሪ፥ ኣታዊኡ፡ ንመነባብሮኹም ይኣኽለኩም'ዶ?

ደዋሊት፥ ከም'ቲ ዝበልኩኻ ኣነ ይሰርሕ እየ፡ ኔረን ኔረን ከኣ እተን ኣሕዋቱ ስለ ዝሕግዛና፡ ክሳብ ሕጂ ኣብ መዓልታዊ ናብራና ብዙሕ ኣይተጸገምናን። ይዋእዩ ንሱ'ውን ፍሉጥ ኣታዊ ስለ ዘይብሉ፡ ብዙሕ ኣይጥዕምዎን እዩ።

ኣማኻሪ፥ እሞ፡ በዓል ቤትኪ ጽቡቕ ዝሰኣኖ ኣይኮነን። ዘልዓልክዮ ጸገማት ምስ ዘለዎ ጽቡቕ ባህርያት ብምውድዳርን ነዚ ወሊድኩሞ ዘለኹም ቆልዓ ኣብ ግምት ብምእታውን ቀጻልነት ሓዳርኩም ከመይ ትርእይዮ?

ደዋሊት፥ ብዙሕ ኣውሪድካ ኣደይብካ እንተሓሲብካዮ፥ ወሊድካ ፍትሕ ጥዑም ኣይኮነን። ብፍላይ ብሩኽ ወደይ፡ ምስ'ዚ ዘለዎ ፍቕሪ ኣቦኡ ከይሓምኒ እፈርህ እየ።

ኣማኻሪ፥ ካብ ኣበሃህላኺ ከም ዝተረዳእክዎ፡ ገለ ክፋል መረዳእታኺ ክቕየር ዘለዎ ኮይኑ ይስመዓኒ። ንኣብነት፥ ንዕልትኺ ብዘተፈልየ ምኽንያት ኣብ ሓዳር ክትቕጽል ስለ ዘይክኣለት፥ ጸረ ሓዳር ኮይና ኣላ ኢልካ ምርዳእ ንኣመለኻኽታኺ ጌጋ ቕኒት ከም ዘህልዎ ክገብር ይኽእል ኢዩ። እዚ ኣተሓሳስባ'ዚ ናብ ጌጋ ርድኢት ብምውሳድ ንሂወትኪ ብኣሉታ ክጸልወኪ ይኽእል ኢዩ። እዚ ከኣ ናብ ጌጋ ውሳኔ መሪሑ፡ ናይ ንዕልትኺ ጽቡቕ ባህርያት ሸፊኑ ጸልኢ. ኣብ መንጎ ክልቴኽን ኣሰሲኑ፡ ክንዲ ኣዝማድ ጓኖት ክገብረክን ስለ ዝኽእል፡ ምዝውታሩ ሓጋዚ ኣይኮነን። ሓብቱ ምስምዑ ነውሪ'ኳ እንተዘይኮነ፡ ክሳብ ክንድኡ ኣብ ሓዳርኩም ስክፍታ ይፈጥረልኪ እንተሎ ግን ዘለዋ ኣሉታዊ ባህርያት መዝሚዝኪ ናብ ረብሓኺ ንምውዓል ዓቕልን ክእለትን ከድልየኪ ኢዩ። እንተ ሓይልኪ ከኣ ነገራት ናብ ጥቕምኺ ክተውዕልዮም ዝእግመኪ ኣይክህሉን እዩ። ሰባት ክሕግዙና ከለዉ፡ ውሽጣዊ ድርኺት ወይ ፍናን ክስመዮም ባህርያዊ ስለ ዝኾነ ሓገዞም ብኣሉታ እንተሪኢናዮ፡ ኣሉታ ጥራይ ኮይኑ ክስመዓና ስለ ዝኽእል፡ ምስትብሃል ኣገዳሲ ኢዩ፡ ሓገዞም ዘይጠቕመና፡ ሳዕቤኑ ዝበዝሐ እንተኾይኑ ግና ኣግሂድና ብግልጺ ምዝርራብ ሓጋዚ ኢዩ። መሰረታዊ ጸገምኩም፡ ንስኺ ብሰንኪ ስራሕኪ ንሱ'ውን ሰኣን ኣረዳድእኡ ናይ ምርኻብ ግዜ ይውሕደኩም ክህሉ ስለ ዝኽእል፡ ግዜኹም ኣመዓራሪኹም ናይ ሓባር ግዜ ክትሰርዑ ንሂወትኩም ኣገዳሲ ኢዩ። ከም'ዚ ምስ እትገብሩ ድማ ዘለኩም ጸገማት እሂን ምሂን ብምብህሃል ተላዚብኩም መፍትሒ ክትረኽብሉ ትኽእሉ ኢኹም። ቅድሚ ሕጂ ምስ በዓል ቤትኪ ዝተጠቀምክሉ ሜላ ምብህሃል ኣድማዒ እንተዘይነይሩ፡ ክትቅይርዮ ምኽላስ ኣገዳሲ ኢዩ። ምኽንያቱ ጌጋ መፋጥርትና ስለ ዝኾነ ንስኺ'ውን ከም ኩሉ ሰብ ናይ'ዚ መረዳእታ'ዚ ይሃልኺ?በዓል ንስኽን ቤትክን ሰሪ ዝንቡዕ ኣረዳድኣኹም ዝፈጠርኩሞ ጸገም ዘኪርኩም ነብስኹም ክትሓኩ የድሊ። ብዓቢኡ'ውን ዘለኩም ናይ ሓዳር ዕድመ ብግቡእ ተላማሚድኩም ኩብል ስለ ዘይክኣል፡ ክትወሓሓጡ ተወሳኺ ግዜ ከድልየኩም ኢዩ። እንተ እቲ ፍትሕ ዝብል ሓሳብ ግን፡ ንዓኺ መፍትሒ መሲሉ ዋላ እንተተራእየኪ፡ ንሂወትኪ ምሉእ ደድሕሬኺ ዝስዕብ ጸገም ክህልዎ ስለ ዝኽእል፡ ሸሕ ግዜ ምሕሳብ'ውን ክንእሶ ኢዩ። ከም'ቲ ዝገለጽክለይ'ውን ፍትሕ እንተወሲንኩም። ውላድኩም ምስ'ዚ ዘለዎ ሓያል ፍቕሪ፡ ኣቦነት እንተተኾሊፉ፡ ዝወርዶ ስነ ኣእምራዊ በሰላ ሂወቱ ክዘርግ ስለ ዝኽእል፡ ምስትብሃል የድሊ።

ደዋሊት፥ ዝሓረቐ እንታይ ዘይብል ወደይ! ብዝኾነ የቐንየለይ። ዓቕመይ ዝፈቕዶ ክጽዕር እየ። ንዝሎ ምዕባለ ብዝምልከት ከኣ ክድውለልካ እየ፡ ሰላም መዓልቲ ።

ኣማኻሪ፥ ሰላም መዓልቲ ዳናዩት።

# ኣብ ሂወት ምግጣም ድዩ ዘዕወት ምህዳም?

ሰናይት ብርሃነ ሰልዋ

እዋኑ ቁራሪ እዩ ኔሩ። ብሰንኪ ቑሪ ብዙሓት እንስሳታት ህይወቶም ሲኢኖም። ቅንፍዝ ነዚ ናይ ሞት ጽላሎት እናመጽኦም ሰቕ ኢሎም ክጽበዩዎ ኣይደለዩን። ዝኾነ ፍታሕ ክናድዩ ከምዘለዎም ተገንዘቡ። ካብ ቑሪ ንምድሓን ምቌት ዘምጽእ ነገር ምንዳይ እዩ። ነዚ ክውን ክገብሮ ዝኽእል እንኮ ኣማራጺ፡ ተቐራሪብካ ብሓባር ብምቕማጥ ካብ ሓድሕድ ምቌት ምርካብ እዩ። ከምመደቦም ድማ ንሓድሕዶም ተቐራሪቦም ክቕመጡ ጀመሩ። ሓድሕድ ምቌት ረኺቦም ማሚቌም ብሓጐስ ህይወቶም ክመርሑ ጀሚሮም። ይኹን እምበር ብሓባር ክቕመጡ ምስ ጀመሩ ካብ ሞት'ኳ እንተድሓኑ፡ ምስ ግዜ ግን በቲ ኣብ ኣካላቶም ዝርከብ እሾኽ ነንሓድሕዶም ተወጋጊኦም ኣካላቶም ክቈስል ጀመረ። በቲ ጥቕኦም ዘሎ እሾኹ ቅንፍዝ ንኽፋል ኣካላቶም ወጊኡ ዘቍስሎም ዘሎ ኩነታት ክጻወርዎ ኣይክኣሉን። ካብ ነንሓድሕዶም ተረሓሒቖም ክነብሩ ድማ ወሰኑ። ከም ውጽኢቱ ድማ በብኞሩብ ክመቱ ጀመሩ። ሓዲኡ ክውስኑ ነይርዎም። ወይ ናይ መቃርብቶም ኣብ ጥቕኦም ቀሪቡ ተጐዝጊዙ ምቌት ዝህቦምን ምቌት ዝቕበልን ዘሎ ቅንፍዝ ናቱ እሾኹ ተቐቢሎም ብህይወት ምንባር ወይ ድማ ምንባር ምቕራጽ። እቲ ምርጫ ዝበለጸ ምምራጽ እዩ። ንሱ ድማ ኣብዛ ዓለም ምንባር። ካብ ዘጋጠሞም ጸገም ተማሂሮም ድማ ናብቲ ዝነበርዎ ብሓባር ክነብሩ ወሰኑ። ብሰንኪ ጥቡቕ ምቅርራብ ዝመጽእ ንእሽቶይ ቍስሊ ተቐቢልካ፡ ነቲ ዝዓበየ ነገር ማለት ብህይወት ምንባር ከምዝሓይሽ ተረዲኦም ክነብሩ ጀመሩ።

***

ዝኾነ ሰብ ምስ ሰብ ዘለዎ ዝምድና ጽቡቕ ዝኸውን፡ እቶም ዝቐርቦም ሰባት ፍጹማት ኣበር ዘይብሎም ስለዝኾኑ ኣይኮነን። ዝኾነ ሰብ ናቱ ጉድለት ኣለዎ። ንስኻ'ውን ከም ሰብ ይረድኣካ ኣይርድኣካ ጉድለት ኣለካ። ምስ ሰባት ብስኒት፡ ብሰላም፡ ብፍቕሪ፡ ክንብረካ ዝኽእል ናይ ሰባት ጉድለት ተቐቢልካ፡ ንዘለዎም ጽቡቕ ነገራት ክተደንቕን ምኽኣል እዩ። ምስ ኣሕዋትካ፡ ቤተሰብካ፡ ጎረባብትኻ፡ መሳርሕትኻ፡ ኣፍቃሪትካን ብዓልቲቤትካን ክትነብር ክለኻ ግድን እዩ ከምቲ ነተን ቅንፍዝ ብህይወት ንኽነብራ በቲ ኣብ ኣካላተን ዘሎ እሾኹ ዝመጽእ ቀ·ስሊ ዝተቐበላ፡ ኣብ ዝኾነ ዝምድና ድማ ከም እሾኹ ዝውግኣና ኣሎ። ንዕኡ ተቐቢልካ ምስ ትኸይድ ግን ዝመቀረ ህይወት ይህልወካ።

ኣብ ኣንጻርጾታዊ ፍቕሪ መብዛሕትኡ ግዜ ክልቲኦም ተፋቐርቲ ነንሓድሕዶም ብኣመና ይተሓላለዩ፡ ይወዳደሱ፡ ኣፍቃሪ ንኣፍቃሪቱ ማዕረ መላእኽቲ ይሰርዓ። ንሳ ግን ሰብ እያ። ከም ሰብ መጠን ጌጋ ምስ ትፍጽም፡ ንምንታይ ካባኺ ከምዚ ተረኺበ ኢልካ፡ ንሳ ከምዘይተድልየካ ብዘይ ብእኣ ወይ ብዘይብእኡ ምንባር ከምዝሓይሽ ምሕሳብን ተቐላጢፍካ ርክብካ ምቍራጽን ይረኢ።

ምስ ካልእ ሰብ'ውን ርክብ እንተጀመርካ፡ ጉድለት ዘይተርፍ እዩ። ምስ ዝኾነ ይኹን ሰብ ጽቡቕ ናይ ፍቕራዊ ጉዕዞ ዝህሉ፡ ቀዳማይ ነገር ከም ሰብ ምስ ትቕበሎ፡ በደላቱ ድማ ዕሽሽ ኢልካ ሕድገት ምስ ትገብር ስጡም ፍቕሪ ይህሉ። ስለዚ ምስ ሰብ ተፋቒርካ ንኹሉ ጸገማቱ ተቐቢልካ ብስኒት ክትቅጽል ምጽዓር፡ ግዜኻ ዝሻመወካ ዘይኮነ ምንባርካ እዩ ዘውሕስ።

ምኽንያት ኩሉ ውድቀት ትዕቢት ከምዝብሃል፡ መሰረት ኩሉ ዕቤት፡ ዕጋበር፡ ባህታ፡ ደስታ፡ ዓወት ድማ ምስ ኩሉ ሰብ ብፍቕሪ ምንባር እዩ።

# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

# 10 ዝነውሑ ናይ ዘይተሳዓርነት ጉዕዞ ኣብ ታሪኽ ፕሪመር ሊግ ኢንግሊዝ

ኣብ ዓመት 1888-89 ፕረስቶን ኖርዝ ኤንድ (Preston North End) ዝተባህለት ጋንታ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ እንግሊዝ 'እንግሊሽ ፋትቦል ሊግ' ተባሂሉ ኣብ ዝጽዋዕሉ ዝነበረ ግዜ ከይተሳዕረት ንኹሉ ጸወታታት ከም ዝሓለፈቶ መዛግብቲ ኩዕሶ እግሪ እንግሊዝ ይሕብሩ።

እዚ ዝተዓዘቡ ደገፍቲ'ዛ ጋንታ፡ ኩዕሶ እግሪ ማዕበሉ እዚ ክብረወሰን ዝሰብርኦ ጋንታታት ዝመጻ ኮይኑ ኣይተሰምዖምን። ንልዕሊ ሓደ ዘመን ድማ ዋንኡዩም ኮይኑ ነበረ። ድሕሪ 115 ዓመት ግና ኣርሰናል ኣብ ዓመት ስፖርት 2004 ን38 ጸወታታት ከይተሳዕረት ክትውድእ ከኣለት። ሕጂውን ገለ ደገፍቲ ድሕሪ ደገም ከምዚ ዝነውሓቱ ጉዕዞ ዘይተሳዓርነት ኪጋጥም ከም ዘይክእል ገሙቱ። ኣርሰናል ብመራሕነት ኣርሰን ቨንገር ዘይተሳዓርነቶም ናብ 49 ኣብጺሖም ዋንጫ ፕሪመር ሊግ ኣብ ሃይበሪ የዕረፋዋ። እሎሚ 10 ዝነውሑ ጉዕዞ ዘይተሳዓርነት ኣብ መድረኽ ፕሪመር ሊግ ናባኹም ከቢልና ኢና።

***10ይ ኖቲንግሃም ፎረስት ካብ ለካቲት 1994 ክሳብ 1995 - ን25 ጸወታታት***

ኖቲንግሃም ፎረስት ኣብቲ እዋን ካብ ቸልሲ፡ ኣርሰናል፡ ተተዃዃምን ማንቸስተር ሲትን ከይተሳዕረት ነጥቢ ክትወስድ ኣዝዩ ንኽትኣምኖ ኣሸጋሪ እዩ ኔሩ። ኣብ ዓመት ስፖርት 1994 ናብቲ ዓቢ መድረኽ ዝበበረት እዛ ጋንታ፡ ካብ ለካቲት እታ ዓመት ክሳብ መወዳእታ 1994-95 ከይተሳዕረት ሳልሳይ ደረጃ ሒዛ ውድድራ ክትዛዝም ምኽኣላ ፍሉይ ታሪኽ ኮይኑ ተሰኒዱ'ሎ።

***9ይ ማንቸስተር ዩናይተድ ካብ 16 ጥቅምቲ 2016 - 5 ሚያዝያ 2017 - ን25 ጸወታታት***

ፖርቱጋላዊ ሆዜ ሞሪኖ ወንበር ምስለጠነ ማንቸስተር ዩናይትድ ድሕሪ ምሓዙ፡ ኣብ ቀዳማይቲ ዓመቱ ሰለስተ ዋንጩ ማለት ኮሙኒቲ ሽልድ፡ ሊግ ካፕን ዩሮፓ ሊግን ኣብ ከብሒ እታ ጋንታ ሰቒሉ እዩ። ኣብታ ዓመት ድማ ተጻውቲ ሬድ ዴቪልስ ን25 ጸወታታት ከይተሳዕሩ ገስጊሶም። ካብቲ 25 ኣብ 12 ማዕረ ክወጹ እንከለዉ ኣብ ዝተረፉ 13 ጸወታታት ድማ ዓወት'የም ኣስተማቕሮም።

ዩናይትድ ኣብ ዝቐጸለ ጸወታኣ ናብ ሰሜን ለንደን ከይዳ ኣንጻር ኣርሰናል ስዕረት ብምቕሳማ ኑቲ ጉዕዞ ዓወታ ኣብ ሜዳ ኢማራትስ ጎዲፋቶ ናብ ከተማ ማንቸስተር ተመሊሳ። ዩናይትድ ኣብታ ዓመት ስፖርት ሻድሻይ ደረጃ ሒዛ'ያ ውድድራ ዛዚማ።

***8ይ ማንቸስተር ዩናይትድ ካብ ሚያዝያ 11-2010 ክሳብ ለካቲት 5 - 2011፡ ን29 ጸወታታት***

ኣብቲ እዋን ኣብ ትሕቲ ኣላዩት ሰር ኣሌክስ ፈርጉሰን ዝነበረት ማን.ዩናይትድ ብኣዝዩ ኣደናቒ ጉዕዞ ካብ ሚያዝያ 2010 ክሳብ ለካቲት 2011 ን29 ጸወታታት ዓንተር ፕሪመር ሊግ ኮይና'ያ። ገለ ካብቲ ዝዞረ ዓወት ሬድ ዴቭልስ ንብላክበርን 7-ብ1 ኣብ ዘሸነፈሉ ጸወታ ኣጥቃዓይ እታ ጋንታ ዝነበረ ባርባቶቭ ሓሙሽተ ሸቶታት ብምምዝጋብ ኮኾብ እቲ ጸወታ ዝተሰምየሉ ነበረ። እንተኾነ ንኹለን ዓበይቲ ጋንታታት ኣላሽ ዘበለት ማንቸስተር ጉዕዞ ዘይተሳዓርነታ ብ5 ለካቲት 2011 ብዎልቨስ 2-ብ1 ተረቲዓ ኣብ መበል 29 ዓወታ ደው በሉ። ኣብቲ ዓመት ካብ ዋንጫ ምዕታር ዝዓንተታ ጋንታ ግን ኣይተረኽበትን።

***7ይ ቸልሲ ካብ ታሕሳስ 2007 - ጥቅምቲ 2008 ን29 ጸወታታት***

ዓመት ስፖርት 2007-08 ንሞሪንያውያን ብኽልተ ጫፋት ኩሉ ግዜ እናተዘከረት ክትነብር እያ። ቸልሲ ኣብዚ ዓመት ኣብ ፕሪመር ሊግ ብማንቸስተር ዩናይትድ ተበሊጾም ካልኣይ ደረጃ ክሕዙ እንከለዉ ኣብቲ ዓቢ ውድድር ኤውሮጳ ዝኾነ ሻምፒዮንስ ሊግ ድማ እንደገና ብማንቸስተር ዩናይትድ ተሳዒርም ኑታ ዝበሀገዋ ዋንጫ ከምዝደዉዋ ተገዲዶም እዮም። በዚ ዘይሓለፈሎም ሶሚያውያን፡ ኣብ ኮሙኒቲ ሽልድ ቤታ ናይታ ዓመት ቀንዲ ሰብረት ሕልሞም ዝነበረት ማንዩናይትድ ብፍጹም ቅሉዕ መቐጸዕቲ ብምስዓርም ከም እንደገና ዋንጫ ናብ መቖናቕንቶም የሕለፍዎ ነበዋ።

እዚ ኹሉ ዘይዕድለኛታት ዘበሎም ወጽኢት ዘመዝገቡን ብኣላይነት ኣብራሃም ግራንት ዝምርሑ ዝነበሩን ተጻወቲ ቸልሲ፡ ድሕሪ ኣብ ታሕሳስ 2007 ብኣርሰናል ዝወረዶም ስዕረት ፕሪመር ሊግ ዳርጋ ንምሉእ ዓመት ኣብ 29 ጸወታታት ስዕረት ከይረኣዩ ድሕሪ ምጽናሕ'ዮም ኣብ ጥቅምቲ 2008 ኣብ ኣንፊልድ ብሊቨርፑል ስዕረት ዝቐመሱ። በዚ ድማ ዘይተሳዓርነቶም ኣብ ኣንፊልድ ኣብ 29 ጸወታታት ኣኽቲሙ።

***6ይ ማንቸስተር ዩናይትድ ካብ 26 ታሕሳስ 1998 ክሳብ 25 መስከረም 1999- ን29 ጸወታታት***

ኣብዚ እዋን ብክላስ 92 (Class 92) ዝፍለጡ ከዋኽብቲ ተጻወትቲ ማንቸስተር ዩናይትድ፡ እቲ ዓመት ንደገፍቶም ብጸወታት ሰሎም ለይቲ ከም ዝሓድሩ ይገብርዎም ዝነበሩሉ ግዜ እዩ። ብፍላይ ኣብ ፍጻመ ጸወታ ኣንጻር ባየር ሙኒክ ክሳብ መወዳእታ ደቒቕ 1-ብ0 ተመሪሖም ድሕሪ ምውዓል ኣብ ተወሳኺ ግዜ ንኹሉ ብዘገረመ ክልተ ሸቶታት ኣብ ሰከንድ ባየር ብምዕራፍ ዋንጫ ሻምፒዮንስ ሊግ ካብ ጀርመን ናብ እንግሊዝ ከም ተምርሕ ገይሮም'ዮም።

ከምኡ'ውን ርያን ጊግስ ኣብ ፍጻመ ጸወታ ኤፍ ኤ ካፕ (FA cup) ኣንጻር ኣርሰናል ብናይ ገዛእ ርእሱ ጻዕሪ ካብ ፍርቂ ሜዳ ኩዕሶ ኮብኪቡ ናብ ሸቶ ብምቕያር ካልኣይቲ ዋንጫ ናብ ኦልትራፎርድ ከም ተብል ጌሩ ኔሩ። ኣብታ ዓመት ን29 ጸወታታት ከይተሳዕሩ ዝሰጎሙ ተጻወትቲ ዩናይትድ ሰለሳዊ ዓወት ብመገዲ ዋንጫ ፕሪመር ሊግ ኣስተማቒሩ። ጉዕዞ ዘይተሳዓርነት ዩናይትድ ኣብ 25 መስከረም 1999 ኣብ ገዛእ ሜዳኦም ብሚድልስብሮ 3-ብ2 ድሕሪ ምርትዓም'ዩ ኣብቂዑ።

***5ይ ማንቸስተር ሲቲ - ካብ 8 ሚያዝያ 2017 ክሳብ 2 ጥሪ 2018 - ን30 ጸወታታት***

ኣብ ዓመት ስፖርት 2017-18 ተጻወትቲ ማንቸስተር ሲቲ ብዙሕ ክብረወሰናት እዮም ብስሞም ጸሒፎም። እዛ ጋንታ 100 ናይ ፕሪመር ሊግ ነጥቢ ብምውህላል ዝጠለለ ነጥቢ ዘጥሀለት ጋንታ ክትከውን ከላ ካብ ሜዳኣ ወጻኢ ብዘኣከበቶ 50 ነጥቢ ኸኣ ፍሉይ ታሪኽ ሰሪሓ'ያ። ብዘይካዚ ንተኸታታሊ 18 ግዜ ዓወት ብምምዝጋብ ጸብለል ኢላ'ያ።

እንተኾነ ጉዕዞ ዘይተሳዓርነት'ዛ ጋንታ ጥሪ 2018 ኣብ ታሪኻዊ ሜዳ ኣንፊልድ ብሊቨርፑል 4-ብ3 ድሕሪ ምስዓራ ደው በሉ።

***4ይ ኣርሰናል - ካብ ታሕሳስ 2001-18 ጥቅምቲ 2002 - ን30 ጸወታታት***

ኣብዚ ዓመት ስፖርት ኣሰልጣኒ ኣርሰናል ዝነበረ ፈረንሳዊ ኣርሰን ቨንገር ኣብ ቀድሚ ጋዜጠኛታት ቀሪቡ ጋንታኡ ንዓመት ምሉእ ከይተሳዕሩ ጸወታኦም ክውድኡ ከም ዝደሊ ድሕሪ ምሕባሩ ብዙሓት ወገናት ሓጨጭሙሉ'የም። ቨንገር ከምቲ ዝሓለሞ ኣብ 30 ግጥማት ስዕረት ዘይብል ኣየስተማቐረን።

ኣርሰናል ኣብ ኦልትራፎርድ ከይዳ መበል 30 ጉዕዞ ዘይተሳዓርነት ምስ ኣስተማቐረት ኣብ ጥቅምቲ 2002 ኣብ ጉዲሶን ፓርክ ኣንጻር ኤቨርተን ጸወታ ተሰርዓ። ጸወታ ተወዲኡ መበል 31 ጉዕዞ ዘይተሳዓርነት ኣርሰናል ክቐጽል'ዩ እናተባህለ ግን ኣብ መበል 90 ደቒቕ ኣብቲ እዋን ወዲ 16 ዓመት ዝነበረ ዋይን ሩኒ ካብቶን ኣብ ፕሪመር ሊግ ዘመዝገበን 208 ሸቶታት ኣወሉ ዝኾነት ሸቶ ኣብ ሰከፆት ኣርሰናል ኣሰረሰረ። ጉዕዞ ኣርሰናል ብሸቶ ሩኒ እንክበቅዕ ሸቶ ምምዝጋብ ሩኒ ድማ ክፍልፍል ተረኽዩ።

***3ይ ቸልሲ - ካብ ጥቅምቲ 2004 - ታሕሳስ 2005 - ን40 ጸወታታት***

እዛ ዓመት ስፖርት ወርቃዊ እዋን ቸልሲ ተባሂላ እትግለጽ ዓመት እያ። ምኽንያቱ ኣብታ ዓመት ንሞሪኖ ዝቖጸረት ቸልሲ ኣብ ሜዳኣ ዝኾነት ጋንታ መጺኣ ከተሰንፉ ስለ ዘይክኣለት። ሞሪኖ ኣብታ ቀዳመይቲ ዓመቱ ንዓበይቲ ኣሰልጠንቲ እቲ ሊግ ዝነበሩ ፈርጉሰንን ቨንገርን ነዊሕ ጻንሖቶም ከይገደሶ ክሰዕሮም ብምኽኣሉ ዝንኡ የዕበዩ እዩ። ቸልሲ ኣብዚ ዓመት 95 ነጥቢ ብምውህሃል'ያ ተዓዋቲት ፕሪመር ሊግ ኮይና። እዚ ክብረወሰን ቸልሲ ክሰብሮ ሲቲ ኣብ 2017/18 ትሰብሮ ን13 ዓመታት ከይተተንከፈ'ዩ ጸኒሑ።

***2ይ ሊቨርፑል - ካብ 12 ጥሪ 2019 ክሳብ 29 መጋቢት 2020 - ን44 ጸወታታት***

ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ወርሒ ጥሪ ሊቨርፑል ኣብ ሜዳ ኢትሓድ እንተዘይትስዓር ኔራ ንፕሪመር ሊግ ብ100 ነጥቢ ምተዓወተትሉን ክሳብ ሕጂ ድማ ን63 ጸወታታት ከይተሳዕረት ምቐጸለትን ኔራ ኢሎም ዝገምቱ ወገናት ኣለዉ። ይኹን'ምበር ብሲቲ 1-ብ0 ድሕሪ ምስዓርም ኣንጸፎም ዝነበሩ ነጥቢ ሃደሽደሽ ኢሉ ን29 ዓመት ዝሓለሙዋ ጸዋእ ፕሪመር ሊግ ከኣ ርእዮም ክስእኑዋ ተገዲዶም ኔሮም።

ቀያሕቲ፡ ሽሕ'ኳ ጸዋእ ፕሪመር ሊግ እንተኸሰሩዋ፡ ኑታ ዓባይ ዋንጫ ኤሮወጳ ዝኾነት ሻምፒዮንስ ሊግ ግን ብተኣምራታዊ መንገዲ ንሻዱሻይ ግዜኦም ናብ ኣንፊልድ ብምምጻእ ንደገፍቶም ኣደዓዒሶሞም እዮም። ሎሚ ዓመት እዛ ካብ ሚያዝያ 2017 ክሳብ ሕጂ ኣብ ኣንፊልድ ዘይተደፍረት ሊቨርፑል፡ ኑቲ 11 ጸወታታት ተሪፉዎ ዘሎ ውድድር ኣብ 44 ጸወታታት ከይተሳዕሩን ምስ ኣርሰናል ማዕረ ክኾኑን ሓሙሽተ ጸወታታት ጥራይ ተሪፋዎም እናተባህለ ቤታ ኣብ ታሕቲ ሰሌዳ ፕሪመር ሊግ ዘላ ዋትፎርድ ጉዕዝኦም ተኾሊፉ። ሊቨርፑል ኣብዚ ግጥም 3-ብ0 እያ ተሳዒራ። መብዝሕትኡ ሰብ ጉዕዞ ሊቨርፑል 4 ሚያዝያ ኣንጻር ሲቲ ኣብ ትግባር ጸወታ ክስናኸል'ዩ ትጸበት ኔሮም። ዋትፎርድ ግን ስርሓ ሰሪሓ።

***1ይ ኣርሰናል - ካብ 7 ግንቦት 2003 ክሳብ 24 ጥቅምቲ 2004- ን49 ጸወታታት***











ኣብ ሚያዝያ 2004 ኣርሰናል ምስ ሊቨርፑል ትጻወተሉ ኣብ ዝነበረት ግጥም ንዕረፍቲ 2-ብ1 ተመሪሓ ወጺኣ። ቅድሚ'ዛ ጸወታ እዛ ጋንታ ካብ ሻምፒዮንስ ሊግ ብቸልሲ ካብ ኤፍ ኤ ካፕ ድማ ብዩናይትድ ተገሊፋ ነበረት። ኣብዛ ጸወታ ኣንጻር ሊቨርፑል ርእሶም እንተደኣ ኣድኒኖም ጉዕዞ ዘይተሳዓርነቶም ኣብ 33 ጸወታ ከም ዘበቕዕ ዝተገዝበ ተጻወትቲ ኣርሰናል ድሕሪ ዕረፍቲ ካብ ቴሪ ሄንሪ ሰለስተ ሸቶታት ብምምዝጋብ ኑቲ ጸወታ 4-ብ2 ብምዝዛም መኸተምታ ገቢሩሉ።

ድሕሪ'ዛ ጸወታ እዚም ተጻወትቲ ን16 ጸወታታት ከይተሳዕሩ ዝጠዘለ ማዕረ እናወጹ ን49 ጸወታታት ብዘይምስዓርም ታሪኽ ፕረስቶን ኖርዝ ኢንድ ናብ ሽሞም ብምቕያር ኣብ መዝገብ ታሪኽ ፕሪመር ሊግ ብኽብሪ ሰፊሮም ደርጎበ።

ኣብታ ዓመት ፈረንሳዊ ቴሪ ሄንሪ 30 ሸቶታት ብምምዝጋብ ብሉጽነቱ ከም ዝገልሕ ጌሩ'ዩ። ኣርሰናል ኑታ 50 ክትከውን ሓንቲ ጸወታ ተሪፋታ ዝነበረት ጉዕዝኣ ኣብ 24 ጥቅምቲ 2004 እያ ምስ ዩናይትድ ኣብ ዝተፋጠጠትሉ ከሲራታ። ሕጂውን እቲ ቅድሚ ሕጂ ማልያ ኤቨርተን ወድዩ ጉዕዞ ዘይተሳዓርነቶም ደው ዘበለ ዋያን ሩኒ'ዩ ሸቶ ኣመዝጊቡሎም።

***መሴ ገብረእግዚኣብሄር***

# ዳህሳስን ምርምርን

የርዳኖስ ጸጋይ

ሰሃራ ካብ ዓረብ ዝወጽአ ቃል ኮይኑ ምድረበዳ ማለት'ዩ። ምድረበዳ ሰሃራ ካብ ዓለም እቲ ዝወፀ ቦታ'ዩ። ሰሃራ ብዕበየት ምድረበዳታቱ ደድሕሪ ዝሐላት ዝኾኑ ምድረበዳታት ኣርክቲክን ኣንታርቲካን ኣብ ሳልሳይ ደረጃ ተሰሪዑ ደርኩቡ። ካብ ስፍሓት ኣፍሪቃ እቲ 31% በዚ ምድረበዳ ዝተሓዝአ'ዩ።

ምድረበዳ ሰሃራ ዝሰፍሐ ክፋላት ኣልጀሪያ፡ ጫድ፡ ግብጺ፡ ሊብያ፡ ማሊ፡ ማውሪታንያ፡ ናይጀሪያ፡ ምዕራባዊ ሰሃራ፡ ሱዳንን ቱኒዝያን የጠቓልል። እዚ ምድረበዳ'ዚ ብምብራቕ ክሳብ ቀይሕ ባሕሪ፡ ብሰሜን ክሳብ ማእከላይ ባሕሪ፡ ብምዕራብ ከኣ ክሳብ ኣትላንቲካዊ ውቅያኖስ ይበጽሕ።

ምድረበዳ ሰሃራ ዋላ'ኳ መብዛሕቱ ግዜ በቲ ክሳብ 183 ሜትሮ ቁመት ዝበጽሕ ዝተደርደረ ድኹም ኩምራ ሑጻ ዝልለ እንተኾነ፡ እዚ ዓይነት ሑጻ'ዚ ግን 15 ሚእታዊ ናይ ምድረበዳ ጥራይ'ዩ ዝሽፍን። እቲ ዝበዝሐ ሚእታዊት፡ ብኾቦታት፡ ሰጣሕ ጎላጉል፡ ኣጻድፍ፡ ኣኻውሕ፡ ዝቖጽን ዘይቖጽን መሕለፊ ኣፍላጋትን ካልኦት ዓይነታት ቅርጺ መሬትን'ዩ ዘጠቓልል። ሕጽረት ማይ ቀንዲ መለለዪ ናይ'ዚ ምድረበዳ እዩ። እንተኾነ ዓበይቲ ኣፍላጋት ኒልን ኒጀርን 20 ወቕታውያን ቀላያትን ኣዝዮም ብዙሓት ናይ ትሕቲ መሬት ናይ ማይ ጎዳጉድን ኣብዚ ከባቢ ይርከቡ።

ኣብ ሰሃራ 500 ዓይነታት ኣታኽልቲ፡ 70 ዓሌታት መጥባውቲ፡ 90 ዓሌታት ዑፍን 100 ዓሌታት ለመምታን ብዙሓት ዓይነታት ሳሬት፡ ዕንቅርቢትን ንኣሽቱ ሓሳኹን ከምዝርከቡ መጽናዕትታት ኣረጋጊጾም ኣለው። ገመል'ውን ሓንቲ ካብቶም ኣብዚ ምድረበዳ'ዚ ከም ቀንዲ ንመጓዓዝያ ትጥቀም መጥባዊት እንስሳ እያ።

ተመራመርቲ ስነ-ከዕቶ፡ ኣብ ምድረበዳ ሰሃራ፡ ናይ ጥንቲ ንብረታትን ኣብ በዓትታትን ኣእማንን ዝተወቕረ ምስልታትን ክረኽቡ ክኢሎም ኣለው። ካብቲ ዝተረኽበ ርክባት ተመርኲሶም፡ ቅድሚ 7 ሽሕ ዓመታት፡ ኣብቲ ቦታ ዝነብሩ ዝነበሩ ህዝቢ፡ ብምርባሕ እንስሳታትን ብሕርሻን ይናበሩ ከምዝነበሩ እቶም ተመራመርቲ የብርሁ።

ኩነታት ኣየር ምድረበዳ ሰሃራ ኣዝዩ ተለዋዋጢን ኣሸጋርን እዩ። ሓደ ሓደ እዋን ክሳብ 50 ዲግሪሴንትግሬድን ልዕሊኡን ዝበጽሕ ሙቐት ይምዝገቦ'ዩ። ኣብ ካልእ እዋናት'ውን ናብ 0.5 ዲግሪ ሴንትግሬድ ይወርድ። ምድረበዳ ሰሃራ፡ ካብ 1920 ማለት ኣብ ዝሓለፈ ሚእቲ ዓመት ወይ ሓደ ዘመን፡ ብ20% ከምዝወሰኸ ኣብ ዝተፈላለዩ ጽሑፋት ሰፊሩ ይርከብ። እዚ ምድረበዳ'ዚ ኣብ ዓመት 100 ሚሊ ሊትር ናይ ዝናብ ማይ ይረክብ። ሓንቲ ንጣብ ማይ ከይተራእየ ዝሓልፈሉ ተኸታተልቲ ዓመታት'ውን የጋጥም'ዩ።

ፕሮፌሰር ፒያረ ፍራንክሱ ኣብ ምድረበዳ ሰሃራ ምርምር ኣካዪዱ ነይሩ። ንሱ፡ ካብ ኣብ ጫድ ዝርከብ ቀላይ የኣ ካብ ዝተረኽበ ደብር፡ ምድረበዳ ሰሃራ ቅድሚ 6 ሽሕ ዓመታት ክቕጽ ከምዝጀመረ ገሊጹ። ኣብዚ ሕጂ እዋን፡ እዚ ምድረበዳ ሐዚዎ ዘሎ ምስሊ ከኣ ቅድሚ 1100 ዓመታት ከምዝጋጠመ ይሕብር።

ጋቪን ዝተባህለ ክኢላ ስነ-ክሊማ ብወገኑ፡ ብዛዕባ ኣመጻጽኣ ምድረበዳ ሰሃራ መጽናዕታዊ ጽሑፍ ኣቕሪቡ ነይሩ። ኣብቲ ጽሑፍ፡ ቅድሚ 8 ሽሕ ዓመታት፡ መሬት ኣብ ዘርያ ጸሓይ ብ24.1 ዲግሪ ቀጢና (Inclined) ትዘውር ከምዝነበረት፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ግን እዚ ዲግሪ ናብ 23.5 ዲግሪ ከምዝወረደ ሰፊሩ ይርከብ። ንሱ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ 41 ሽሕ ዓመታት ብምዝዛው ናይ መሬት እቲ ዲግሪ እናንሃደለ ከምዝቕይድ ገሊጹ ኣሎ።

ጋቪን ኣሰዒቡ፡ እዚ ቀስ ኢሉ ዘጋጠመ ምልዋጥ ምቅናን ናይ ዓለም፡ ኑቲ ቅድሚ ኣሽሓት ዓመታት ብብዝሒ ጸሓይ ዝረክብ ዝነበረ ሰሜናዊ ክፋል ዓለም ከምዝጸልዎ፡ እቲ ዝረኽቦ ዝነበረ ጠሊ'ውን ብሰንኪ ብዙሕ ጸሓይ ኣብቲ ሰሜናዊ ክፋል ዘይምህላው ክጎድል ከምዝኸኣለን ይገልጽ። ምስ ግዜ ድማ፡ ጠሊ ሓዚል ንፋሳት እናንሃደሉ፡ ንህላወ ኣታኽልቲ ኣብ ምልክት ሕቶ ኣእትየሞ። ኣታኽልቲ እንተዘየለዉ ዝናብ ክህሉ ኣይክእልን'ዩ። በዚ ምኽንያት ከኣ'ዩ እዚ ሕጂ ሰሃራ ኢልና ንጽውዖ ዘለና ምድረበዳ ክፍጠር ክኢሉ ኩብል መግለጺኡ ዝዛዝም።

ኣብ'ዚ ቐረባ ግዜ፡ ትካል ምርምር ጠፈር ናሳ መጽናዕቲ ኣካይዱ ነይሩ። እዚ ናይ ጠፈር ናይ ምርምር ትካል፡ ኣብ ግሪንላንድ ዘጋጠመ ምምካኽ በረድ፡ ንምዝዛው ናይ ዓለምና ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓመት ብ2.6 ሰንቲ ሜትር እናኣጉደለ ይመጽእ ምህላዉ ኣፍሊጡ'ዩ። እቲ ትካል ኣሰዒቡ፡ ብሰንኪ ክሊማዊ ዋዒ ዘጋጥም ዘሎ ምምካኽ ከውሒ በረድ፡ ንኣቃውማ ዓለምና ብምጽላው ናብ ብቐሊሉ ክግመት ዘይክእል ኩነት የእትወና ከምዘሎ ይገልጽ።

ተመራመርቲ ያ ሊንን መሳርሕቱን ሓድሽ ምርምር የካይዱ ኣለው። ቀንዲ ዕላማ ናይቲ መጽናዕቲ፡ ምድረበዳ ሰሃራ ናብ ቀንዲ መመንጨዊ ጸሓያውን ንፋሳውን ጸዓት ንምልዋጥ እዩ። ንሳቶም፡ ኣብ ሰሃራን ሳሕልን ብንፋስን ጸሓይን ጸዓት ንምምንጫው መሳርሒታት ብምትካል ኑቲ ቦታ ሂወት ክዘርኣሉ ከምዝኽእል ገሊጾም። እዚ ምድረበዳ'ዚ፡ ካብ ጸሓያዊ ሰሌዳታት 79 ቴራዋት ካብ ናይ ንፋስ ተርባይን ከኣ 3 ቴራዋት ሓይሊ ኤለክትሪክ ከመንጩ ከምዝኽእል ብዝተፈላለዩ ወገናት ተሰፊ ተገሊሩሉ ኣሎ። ኣብ 2017፡ ንመላእ ዓለም 18 ቴራባይት ሓይሊ ኤለክትሪክ ጥራይ ከምዝድለየ ኣብ ጽሑፍ ሰፊሩ ይርከብ።

እቶም ተመራመርቲ ኣሰዒቦም እዚ ኣብ

# ሰሃራ - ካብ ምድረ-በዳ ናብ ናይ ረብሓ ቦታ



ሓሳብን ወረቐትን ሰፊሩ ዘሎ ውጥን ናይ ምድረበዳ ሰሃራ፡ ኣብ ግብሪ ምስ ዝውዕል ኣፍሪቃ ንሃገራታ ኮይና ንዓለም'ውን ጸዓት ክትሸይጥ ከምትኽእል ገሊጾም ኣለው። እዚ ሓድሽ ሓሳብ'ዚ፡ ሃዛ ብሰንኪ ውግእን ድኽነትን ኣብ ዓቕዛቲ ተሸሚማ ዘላ ኣፍሪቃ ቁጠባዊ ኩነታታ ኣመሓይሹ፡ ምስ ካልኦት ሓያላት ናይ ጸዓት ወሃብቲ ሃገራት ክሰርዓ ከምዝኽእል'ዩ ዘርኢ።

ሚስ ኡኪኣ ካብ ዩኒቨርስቲ ሜሪይላንድ- ሕቡራት መንግስታት ተመራማሪት'ያ። ንሳ፡ ኣብ መጻኢ ምድረበዳ ሰሃራ ተሞርኪሳ መጽናዕቲ ኣካይዳ ነይራ። ሚስ ኡኪኣ፡ 20% ካብ ምድረበዳ ሰሃራ፡ ጸሓያውን ንፋሳውን መመንጨዊ ጸዓታት ምስ ዝትከል፡ ጠሊ ሓዚል ንፋሳት ክፈጥር ከምዝኽእል፡ እቲ ሰፊሕ ጎላጉል ዳግማይ ሓምላይ ኮይኑ ድማ ቁጠባዊ ሃገራት ኣፍሪቃ ክመልእ ዓቢ ግደ ክጻወት ከምዝኽእል ትገልጽ።

ኣብ ሰዑዲ-ዓረብ ዝርከብ ሰፊሕ ምድረበዳ፡ ኣብ 2030 ናብ መመንጨዊ ጸሓያውን ንፋሳውን ጸዓት ንምልዋጥ 2 ሽሕ ቢልዮን ዶላር ወጻኢታት ተሰሊዑ ኣሎ። ምድረበዳ ሰዑዲ-ዓረብ፡ 200 ጂጋዋት ሓይሊ ኤለክትሪክ ከመንጩ ከምዝኽእል ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ተሓቢሩ'ዩ። ሰዑዲ-ዓረብ ብዕደና ኑዳዲ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ትስራዕ ሃገር'ኳ እንተኾነት፡ እዚ ካብ ምድረበዳኣ ክተመንጭዎ ትሓስብ ዘላ ጸዓት ድርብ ድርዒ ክኸውን ከምዝኽእል ክኢላታት ይሕብሩ።

# "ንኻልኦት ምሕጋዝ ጥዕና ይህብ" ተመራመርቲ




ዓለምና ብገዝዞብን ጉልበትን ክሕግዙ ዓቕሚ ዘሎምም ሰባትን ወዲቖም ክትንስኡ የማናይ ኢድ ሓገዝቲ ዝጸበዩ ጽጉማትን ዝተፈራረቐት እያ። ንሓደ ሰብ ክትሕግዝ ከለኻ ክገጽው የቐዝለይ ምግቢ ኣብ ገጽ እቲ ሰብ ዝፍጠር ፍሽኽታ ብምዕዛብ፡ ብገዝዞብ ክርከብ ዘይክእል ባህታ'ዩ ዝፈጥረልካ።

ተመራመርቲ'ውን ነዚ ሓቂ ከራጉዱ፡ ኣበርክቶ ንሰባት ምሕጋዝ ኣብ ጥዕናዊ መዳያት ኣመልኪቶም ምርምር ኣካይዶም ነይሮም። እቶም ካብ ዩኒቨርስቲ ኮሎምብያ ዝኾኑ ተመራመርቲ፡ ንሰባት ምሕጋዝ ካብ ሓገዝ ሓሊፉ ጥዕናውን ኣእምሮኣውን ብልጫታት ከምዘለዎ ገሊጾም።

እቶም ተመራመርቲ ን310 ሰሙናት ዝወሰደ፡ 160 ናይ ካልኣይ ደረጃ ተመሃሮ ዘሳተፈ ምርምር'ዮም ኣካይዶም። ነቶም ተመሃሮ ኣብ ክልተ ጉጅለ ድሕሪ ምምቃል ከኣ፡ ነቶም ሓደ ጉጅለ ኣብ ናይ ምሕጋዝ መደብ ኣሳቲፎሞም። ነቶም ካልኣይ ጉጅለ ድማ ከየሳተፍዎም ሰቒ ኢሎም። ንኽልቲኦም'ቶም ተመሃሮ ድማ፡ ቅድምን ድሕርን እቲ ሰሙናት ዝወሰደ ናይ ምሕጋዝ መስርሕ ሕክምናዊ ምርመራ ኣካዪዶምሎም። ኣብቲ ዝተረኽበ ወጽኢት ከኣ፡ እቶም ኣብ ናይ ምሕጋዝ መደብ ዝተሳተፉ ተመሃሮ፡ ትሑት ዓቐን ስብሒ (ኮለስተሮል)ን ብኻልኦት ሕማማት ናይ ምጥቃዕ ተኽእሎኦም ዝተሓተን ከምዝኾኑ ገሊጾም። እቶም ዘይተሳተፉ ተመሃሮ ግን ኣብ ጥዕናኦም ዝኾነ ይኹን ለውጢ ኣየርኣዩን።

እቶም ተመራመርቲ ኣሰዒቦም፡ ደንገጽቲን ለወሃትን ምስ ንኸውን፡ ኣብ ሓንጐልና ዝርከብ ኦክሲቶሲን (Oxytocin) ዝበሃል ሆርሞን ወይ ነዛዒ ብምውሳኽ ጭንቀት ኣጉዲሉ፡ ህድኣት ከምዝዋስኣና ይገብር ክብሉ መብርሂ ሂቦም።

ኣብ 1992 ኣብ ልዕሊ 50 ዓመት ዝዕድመኦም ሰባት ምርምር ተኻዪዱ ነይሩ። ኣብቲ ዝተኻየደ ምርምር፡ እቶም ኣብ ዓመት ን200 ሰዓታት፡ ግዝኦዊ ኮነ ጉልበታዊ ሓገዝ ዘበርክቱ ሰባት፡ ብልዑል ጸቕጢ ደም፡ ምስ ልቢ ዝተሓሓዙ ሕማማት፡ ሕማም ረሰዕ ክጥቅዑ ዘሎምም ተኽእሎ ካብቶም ዘኾነ ይኹን ሓገዝ ዘየበርክቱ ሰባት ብ 40% ጉዱሉ ከምዝተረኽበ ኣብቲ ዝተኻየደ ምርምር ተሓሲሩ። እቶም ተመራመርቲ ኣሰዒቦም፡ እቶም ኣብቲ ናይ ምሕጋዝ መደብ ዝተሳተፉ ሰባት፡ ካብቶም ዘይተሳተፉ ብኣእምሮኣውን ኣካላውን መዳያት ዝጠንከሩ ክኾኑ ኣብ ርእሲ ምኽኣሎም፡ ዝተሓተ ናይ ሞት ዕድል'ውን ከምዘለዎም ክፍለጥ ተኻኢሉ ክብሉ ሓቢሮም። ካብዚ ክንርድእ ንኽእል እንተሃልዩ ድማ፡ ንኻልኦት ሰባት ምሕጋዝ፡ ካብቲ ተሓጋዚ፡ እቲ ሓጋዚ ዝያዳ ረብሓታት ከምዘለዎ እዩ ዝርብሑ።

ኣብ ካልእ መጽናዕቲ'ውን፡ ኣበርክቶ ሓገዝ፡ ብጸቕጢ ደም ኣብ ዝተጠቕዑ ሰባት ኣመልኪቱ ፈተነ ተኻዪዱ ነይሩ። ዝም ጥዕናዊ ጸገም ዘለዎ ሰባት ኣብ ክልተ ጉጅለ ብምምቃል፡ ነቶም ሓደ ጉጅለ ን6 ሰሙናት ንጽጉማት ሰባት ግዝኦዊ ሓገዝ ከበርክቱ ተሓቢሩዎም። ነቶም ካልኣይ ጉጅለ ድማ፡ ግዝኦም ኣብ ዝተፈላለዩ መጋጸኢታት ከውዕልዎ ተኣዚዞም። ኣብቲ ዝተረኽበ ወጽኢት፡ እቶም ንጽጉማት ዝሕግዙ ዝነበሩ ጉጅለ፡ ዓቐን ጸቕጢ ደሞም ናብ ዝተሓተ ደረጃ ክወርድ ከምዝኸኣሉ ኣካዪድቲ እቲ ምርምር ሓቢሮም።

ሮቢንሶን ዝተባህለ ክኢላ ስነ-ኣእምሮ፡ "ንሰባት ክትሕግዝ ከለኻ ሓገዝ'ዩ ዝፈጥረልካ። ሓገዝ ከኣ ኣብ ወዲ-ሰብ ጥዕና ካብ ዝፈጥሩ ዓበይቲ ጭኢታታት ሓደ'ዩ" ክብል ጥቕሚ ሓገዝ ተረዲኦና ኣብ ሂወትና ሓገዝቲ ክንከውን መኺሩ። ሓገዝ ልክዕ ከም መዓልታዊ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምዝውታርን ዝተመጣጠነ መኣዝዊ መግቢ ምምጋብን ዝህቦ ወጽኢት ዘለዎ ምኳኑ'ውን ብዙሓት ክኢላታት ዝሕብርዎ'ዩ። ካብ'ዚ ተበጊሱ ከኣ፡ ምስ ግዝኦም ጥዕና ስኢኖም ዘለዉ ሰባት፡ ንዝተፈላለዩ ጸገማት ወገናት ብምሕጋዝ ጥዕና ክረኽቡ ኣተሓሳሲቡ።

ክሳብ ሕጂ፡ ሓገዝ ምሃብ ምስ ጥዕናዊ ረብሓታት ዘተኣሳስርዎ ነጥብታት እዚኦም'የም ተባሂሎም ብገጹር ክፍለጡ ኣይከኣሉን ዘለው። ነዚ ምኽንያት ንምርካብ ድማ፡ ተመራመርቲ ምርምራቶም ክቕጽሉ ምዃኖም ገሊጾም ኣለው። ኣብ መወዳእታ ምስ ውሉድካ ኣብ ዝተፈላለዩ ናይ ሓገዝ መደባት ምስታፍ፡ ሂወት ዝዘርእ ጥዑብ ትልግስሎም ከምዝሎኻ ክዘንጋዕ የብሉን ክብሉ ኣዘኻኺሮም።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኣድራሻ | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ዳሉል | 8/3/2020 | ጎደና ሓርነት ቁ.158 ፡፡ፊት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ | 125266 |
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ኣፍሪቃ | 8/3/2020 | ጎደና ማ.ት.ኣ -176 ቁ. 25፡ከባቢ ሲነማ ዳንተ | 126003 |
| ፋርማሲ ካቴድራል | 8/3/2020 | ጎደና ዶጎሊ 171-65 ከባቢ ኣልፈርማጽ ጥቓ እንዳ ኦርሲ ጋራጂ | 127188 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ   ቁ.ቴሌፎን 127565